# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.192 ሓሙስ 11 ሚያዝያ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ብምርጫኻ ምምራር!



ገጽ 3
"ድሕሪ ባይታኻ ብዘየገድስ - 'ክዕወት እየ' ዝብል ሓሳብ...





ገጽ 4
ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ፡ ስድራኻ፡ ከባቢኻን ሃገርካን ዘለዎ ረብሓ...

ገጽ 5
ሰኣንታ ቅንጣብ ወረቐት




ገጽ 7
"ሲቲ፡ ንብደሆ ቀልጢፉ እያ ...




## ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ




ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ ናይ 1445 ህጅሪያ፡ ትማሊ 10 ሚያዝያ 2024 ኣብ መላእ ሃገር ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ።

ኣብ ኣስመራ፡ ኣሽሓት ኣመንቲ ብንግሆኡ ካብ የ መሳጊድን ጀዋምዕን ተኸቢሮ እናገበሩ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ምስ ተኣኻኸቡ፡ ብሓባር ሰላት ዒድ ኣብጺሖም።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፡ ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ምእመናን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ሙፍቲ ኤርትራን ኣቦ-መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ክቡር መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ ዘስመዕዎ፡ ንትርጉሙን ግቡኣትን ጾም ሮሞዳንን ዒድ ኣልፈጥርን ዝምልከት ኹጥባ፡ ንመንፈሳውን ስጋውን ረብሓታት ጾም፣ ከምኡ'ውን ንሰላት ዒድ፣ መንፈሳውን ማሕበራውን ገጽ ዒድን ዞኮት ኣልፍጥርን ዝምልከት ሰፊሕ መረዳእታ ሂቦም።

እዚ ዕለት'ዚ፡ ፍቕሪ፡ ሓልዮት፡ ርህራህን ሱብኣውነትን ዝሰፍነሉ ክቡር ዕለት ስለዝኾነ፡ ኣብ ኩብሪታትና ክንጸንዕ ዘዘኻኸሩ መውላና ሼኽ ሳልም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ - ንኣመንቲ ምስልምና ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓለዋን ልምዓትን ሃገር ተዋፊሮም ንዝርከቡ ጅጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

እቲ ስነ-ስርዓት፡ ብኤሪ-ቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ተመሓላሊፉ።

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ፡ ኣብ ካልኦት ከተማታት፡ ሓውሲ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምእተባዕለ፡ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።

---

## ኣቑርደት - ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ስራሓት ይካየድ

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ጀሚሮም፡ ብኽኢላታት እናተኣልዩ ሰፊሕ ሓመድን ማይን ናይ ምዕቃብ ወፈራታት የካይዱ ኣለዉ።

ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታትን መግሃጫታትን ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ፡ ኣከባቢ ብምርጋእ እቶታውነት ንምዕባይን ሃብቲ ገረብ ንምስሳንን ከምዝኾነ፡ ኣወሃሃዲ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት መሰናን ኢንጂነር ተኽለሃይማኖት የዕበዮ ገሊጹ።

ዛጊት ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ 1,200 ሄክታር መሬት ከምእተዛለየን እቲ ስራሕ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎን ድማ ሓቢሩ።

ኣብ ካልእ ልምዓታዊ ዜና፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ነበርቲ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ኣሽራ፡ ዝጸንሖም ጸገም ዝሰተ ማይ ብምፍትሑ ሓጉሶም ገሊጾም።

ነበርቲ ዓድታት ግላይ፡ ሩቑት፡ ዓንደላይን ሱበር-ብጁክን፡ ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ መስመር ማይ ብምብልሻው፡ ርሑቕ እናተጓዓዙ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክሰትዩ ምጽንሖም ሓቢሮም።

ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ስለዝተጸገነ እኹል ጹሩያዊ ጸዓት ስለዝተዋደደሉን፡ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ በቒዖም ኣለዉ - ብመሰረት ሓበሬታኦም።

---

## ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል ንህዝቢ ኣኼባታት ኣካዪዶም

ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ብ7 ሚያዝያ ንወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባታት፡ ባይቶ - ብ16 ለካቲት 2024 ኣብ ዘቃነዮ ኣኼባ ኣብ ዘሕለፎም ውሳኔታትን ለበዋታትን መብርሂ ሂቦም።

ኣብ'ቲ ዝምልከቶም ፈጻሚቲ ኣካላት ዞባ፡ ሓለፍቲ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ዝተረኽብሉ - ኣብ 8 ኣዳራሻት ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ባይቶ ኣብ 2023 ዝጠፈሉ መደባት ክግለጽ እንከሎ፡ ኣብ እዋናዊ ሕቶታትን ጠለባትን ህዝቢ እውን ተዘቲዩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝቐረበ መግለጺ ድሕሪ ምዝታይ - ኣብ ዕደላ ጋዝ ዝርአ ጸገማትን ዋሕዲ ዕትሮን ፍታሕ ክርከበሉ፣ ሚዛን ባኒ ጥቡቕ ቁጽጽርን ምክትታልን ክግበረሉ፣ ዝተበላሸወ ዓይኒ-ምድሪ ከተማ ብቕልጡፍ ክጽገን፣ ጸገም መጓዓዝያ ጠመተ ክወሃቦ. . . ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣሕሊፎም።

ኣብ መወዳእታ ኣባላት ባይቶ፡ ህዝቢ ንቕሓቱ ኣበርኪቱ ጸጥታ ከባቢኡ ንምውሓስ ብወህደት ክሰርሕ፣ ኣብ ጽሬት ከባቢ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣብ ምግራብ ብንጥፈት ክሳተፍ፣ ቊልዑን መንእሰያትን ብኩብሪታት ሕብረተሰብ ክኾስኮሱን ሓላሊፉ ዝርአ ዘይስነ-ምግባራዊ ተግባራት ክግቱእን - ተራ ወለዲን ኣሊዩትን ክዓዝዝ፣ ጉዳእቲ ልምድታትን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ንምውጋድ ብዝሓየለ ክሰርሕ ኣዘኻኺሮም።




ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

# ብምርጫኻ ምምራር!

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ብምርጫኹም ኣማሪርኩምዶ ትፈልጡ? ማለት'ሲ፡ ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ብዘኾነ ኩነት ወይ ድማ ብዘይምኽንያት ክትብደሉ እንከለኹም ዘማረርኩምሉ እዋን ኣሎዶ?

ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት ምምራር ዘይጸብቕ እኳ እንተኾነ፡ ሓደ-ሓደ እዋን'ሲ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ንዘኾኑ ነገራት ምጽዋርም ምስ ሰኣንና እንተ ኣማሪርና ከም ሻሙ ክበሃል ይኽእል እዩ። ኩይኑ ግን ንምርጫና ረሲዕና ከማርር እንከለና እዩ'ቲ ዘገርም። ከም "ባዕልኻ እምኒ ደርቢኻ ኣውያት" ማለት እኮ እዩ።።

ንኹላትና ከም'ዚ ዝስዕብ ዝኣመሰለ ተርእዮ ከጋጥመና ከም ዝኽእል እግምት እዩ። ግናስ ኣነ እስከ ከዕልለኩም። ሓደ ግዜስ ምስ ሓደ ቀረብየይ እናኣዕለልና እንከለና፡ ንጽልቲቤቱ ካብ ብዙሓት ደለይታ ብጥንቡበ መዝሂ፡ ከቢድ መሰናኽላት ሰጊሩ ናቱ ከም ዝገበራ ብተመሳሳሊ ከዕልለኒ ጀሚሩ። ንኣዘራርባኡ ተዓዚበ ንእግሪ መንገዱ ምኩሕን ዘይጸዓድን ሰብ ከም ዘኾነ ክእምተለይ ከም ዝደለየ ኣይሰሓትኩምን።

መቸም ልቢ-ወለድ ደዩ ሓቂ እዝጊ ዋናኡ፡ ንኹሉ'ቲ ዝሰገሮ ዘሰደምም መሰርሕ ብዝርዝር ከዘንትወለይ እንከሎ፡ ብተምሳጥ እየ ሰሚዐዮ። ምሕር ፍቕሪ ከም ዝበሮ፡ "ዘረአ ኣብ ሕቖፎይ እንተ ዘየእቲየያ፡ ክሰደይ ንኻራ!" ኢሉ ብትምክሕቲ ንኹሉ መሰናኽላት ከም ዝፈንጠሶ ብሓበን ክገልጸለይ እንከሎ፡ ኣጢቓልል ኣብለ - "ሱብኣይ ሱብኡት'ዩ" ከም ዝበለ እየ ተርጒመዮ።።

ብኣዘናትዋኡ ደየ ዋላስ በቲ ዛንታ ተሳሒበ ጸገ እኳ ኣለ እንተ ሰሚዐኩዎ፡ ደሓር ግን - ምስ'ቲ ዝበሎ ተገራጨውቲ ዝኾኑ ሓሳባት ናብ ኣእምሮይ ክመጽኡ ጀመሩ፡። ብዓቢኡ ኸኣ ምስ ሰበይቱ ሰሪት ከም ዘይብሎም፡ ብሾማግለታት ተደሪኾም ንደቆም ክብሉን ደኣ ቀጺሎም እምበር፡ ዳርጋ ክፋትሖ ዝቐረብሉ እዋናት ከም ዝነበረ ዕላል በጺሑኒ እዩ። ውሑድ ዘይኮነ እዋኑ ብዛዕባ ናይ ብጽልቲቤቱ "ሕማቕ ባህርያት" ዝብሎ እናኣማረረ ከም ዘዕለለኒ እውን ኣይረሳዕኹዎን።

ንጽልቲቤቱ ብቐረባ ኣይፈልጣን እየ። ንሱ ግን ኣብ ባህ ዝበሎ እዋኑ ይትረፍ ቀትሪ ዋላ ምሉእ ለይቲ ክዘናጋዕ ክሰቲ ከዕልል ባህ ዝብሎ ሰብ ምኻኑ ንኽዕዘቦ ኣይጸገመንን። ዝዓጥጦ ተማርር?"

"ከምኡ መዓስ መሰሉኒ፡ እዚ እንተዝፈልጥ እንታይ ክንዕበር ናብኣ ምቐረብኩ"

ምኽንያት ረኺበ ኢሉ እዩ ዝኢ መልሲ ሂቡኒ።

"ንሳ ናታ ኣተሓሳስባ፡ ድልየት፡ ስምዒት፡ መደባት. . . ከም ዘህልዋ ኣብ ግምት ኣእቲኻዮ ነይርካዶ?"

"ንሸኻ ኸኣ. . ደቂ-ኣንስትዮ ጸቡቕ ገይርካ ንኽትፈልጠን ዓመታት ከም ዘድልየካ ኣይትፈልጥን ማለት ደዩ?



ጉዳይ እንተ ረኺቡ፡ ንሰበይቱ ከይነገራ ብኡ ኣቢሉ ክገይሽ'ውን ዝስከፍ ኣይኮነን። ኣብ'ታ እነዕልለላ ዝበርና እዋን ከይተረፈ፡ ደጋጊማ እናደወለትሉ "እዚኣ ኸኣ!" ኢሉ ክዓጽዋ ርእየን ሰሚዐን። ከም ዝተዓዘብኩዎ፡ ንኣሰቤዘን ካልእ ንናብራ ዘድሊ ነገራትን እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ከም ዘይምልከታ እዩ ዝሓስብ።

ዕላል ምስ ወደኣሊዩ፡ ነታ "ምርጫብ ማለት ምስኣን ማለት'ዩ" እትብል ብሂል ዘኪርኩዎ። "ስማዕ እንዶ. . ." ኢለዮ። "ስለ ዘፍቀርካያ፡ ደስ ስለዘበለትካን ንሓዳር ከም እተዋጸኣካን ኣሚንካ እንዲኻ ክንደይ መሰገደል ሰጊርካ ናትካ ገይርካያ. . .?" በልኩዎ።

"መጀመርታ ደኣ'ወ" በለኒ።

"ስለምንታይ ደኣ ኩሉ ግዜ ብኣኣ ሸው ደኣ ጥዕይቲ መሲላ እንድያ ቀሪባትኒ። እንተ ረኣኻስ ካብ ኣንፎዋ ገዛ ትኸፍእ. . ."

"ንሸኻሽ ዙረትን መስተን ከም እትፈቱ ነጊርካያዶ ቅድሚ ሓዳር ምግባርኩም?"

"እንታይ ይምልከታ ኣብ ኑበሰይ። ንሳ እቲ ዝግበኣ ጥራይ ኣይጉደላ. . ."

"እንታይ እንታይ ደዩ ዝግበኣ?"

"ኣኣኣኣ. . . ንሸኻ ጠፊኡካ ደዩ ዋላስ ከተዛርበኒ ኢኻ ደሊኻ?" መልሱ፡ ዳርጋ ተዓሚቲካ ዳንኮላ ከም ምድርባይ እዩ።

ካብኡ ንንጸው ኣይተሓተትኩዎን። ምኽንያቱ ኣብ ኣተሓሳስባኡ ዘሎን እቲ ጥዑያት ሰብ-ሓዳር ክኾኑዎ ዝዋፅኦን ከቢድን እግርን ከም ዝኾነ ካብ'ቲ ውሑድ መልሰታቱ ተገንዚበዮ እየ። ንሱ፡ ነቲ ካብኣ ዝሰኣኖ ደኣ'ምበር፡ ነቲ ካብኣ ዝረኸቦ ዝጽብጾቦ ኣይኮነን። ንዕኡ እንተ ዝጽብጽብ'ሞ፡ ንዓኣ ምእንቲ ክረኽብ ንሱ'ውን ክስእኖ ነገራት ከም ዘሎ ምተገንዘበ ነይሩ። ምናልባት ከም ቃሕታኡ ምዕንዳሩ ኣይፈተወትሉን ትኸውን፡ ሓሻሺ ምኳኑ ኣይትቕበሎን ትኸውን፡ ክብሪ ፍቕርን ምትሕልላይን ጉዲሉዋ ክኸውን ይኽእል. . ። ምስኣ ክሰማማዕ እንተ ኾይኑ፡ ንዓኣ ምስ ረኸበ፡ ነቲ ምስ ሓዳር ዘይከይድ ልምድታቱ ክስእኖ ኣለዎ። ክስእኖ ዘይደሊ እንተ ኾይኑ ግን፡ ካብ ፈለማ ሰኺብሊ ኾይኑ ንኽነብር ክውሰን ነይሩዎ። ቡቲ ሓዳር እናደለኻ፡ ቡቲ ካልእ ከም ሰኺብሊ ኼንካ ክትነብር ምሕሳብ ግን፡ ኣብ ገዛኻ ንበረት እምበር፡ ንህይወትካ ዝጸሉ ሰብ ከም ዘእተኻ ኣይተሰወጦካን ኣሎ ማለት'ዩ።

እዚ ንእግሪ-መንገደይ ከም ኣብነት ደኣ ኣልዒለዮ'ምበር፡ ቀንዲ ዛዕባይ'ሲ፡ ምርጫብን ምስኣንን መኻይድቲ፡ ወይ ክልተ ገጽ ናይ ድልየታትና ምኳናም ንምእማት እዩ።

ብዙሕ ግዜ "ከም'ዚ እንተ ዝገብር'ሲ ከም'ዚ ኣይምኾንኩን፡ ብእዋኑ እንተ ዝገብርስ ሎሚ ኣይምተሸገርኩን. . ." ኢልና ንጠዓስ ኢና። ብዘወሰድናዮ ስጉምቲ ካብ ምጥዓስ ሓሊፍና'ውን እነማርር ኣሎና።

ንኣብነት ሓደ ሰብ ናይ ስራሕ ዕድል ይረኽብ'ሞ፡ ኣብ ዝዓለሞ ደረጃ ንኽበጽሕ ብዘይዕረፍቲ ኣብርቲዑ ይሰርሕ። ኣብ ስራሑ ዕዉት ይኸውን። ምሕር ድኻም ብዘስዕቦ ሕማም ይዳኸም። እዚ ሰብ'ዚ ሓደ ዕላማ ኣቐሚጡ እዩ ናይ ሓይሊኡ ክጽዕር ጀሚሩ። እቲ ናብ ዕላማኡ ንኽበጽሕ ዝሓረዮ ጎደና ድማ፡ ብምርጫኡ እዩ ኣትዩዎ። ጥዕና ብምስኣኑ ከማርር ደዩ ዘለዎ ወይስ ከመይ ገይሩ ክሓዊ ከም ዝኽእል ክሓስብ? ዕላማኡ ንኽወቕዕ ብዘገበሮ ጻዕሪ ጥዕና እንተ ሰኣኑ፡ ምርጫኡ እምበር ዘገደደ የለን።

ስራሕ ፈቲሑ፡ ንግዚኡ ብድቃስን ብኸፍን ወይ ብኸላል ዘሕለፎ ሰቡ፡ ብድኸሙቱ እንተ ኣማሪረ ዘመልክዖሉ ኣይኮነን። ዓለምና ብምርጫብን ብምስኣንን ዝተመልኣት እያ። እንታይ ንኽንረኽብ እንታይ ንስእን ኣብ ምርጫና እዩ ዝምርኮሰ። ዓራት እንተ ፈቲኻ፡ መግቢ ክትሰእን ምኳንካ ነጋሪ ዘድልየካ ኣይኮነን።

"እዞም ደቀይ፡ ምሉእ ዕድመይ ሰልዲ ክኣሪ ኩብል ሰለዘሕለፍኩዎ ክመሃር ኣይከኣልኩን፡ እህኹልኩም ደንቆሮ ኾይነ ተሪፈ። ሕጂ ብዙሕ እዩ ዘጉህየኒ። ስለ'ዚ ትምህርቲ ይሕሸኩም፡ ብዘይካ ትምህርቲ ካልእ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን" ኢሉ ዝምዕድ ሰብ ኣጋጢሙኩምዶ ይፈልጥ? ኣረ ገለኣቶምስ ኣብ ቅድሚ ዘውንንዎ ዓሰርተ ፒያኖ ዘለዎ ክቡር ቤት ኮይኖም እዮም፡ ነቲ መጽለሊን ዝበላዕን ንኽረኽብ ዝጽዕር ድኻ፡ "ካብ ስራሕካ ተኣለ፡ ትምህርቲ ይሕሸካ" ዝዓይኑ፡ ማዕዳ ዝህቡዎ!

እዞም ጎረቤትና ደኣ "የተማረ ይግደለኝ" ኢሎም ይምስሉ። ትሕቲ መሬት ምስ ኣሰፈረኑ፡ ተማሂረ ኣይተማሂረ እንታይ ክንብረልካ እዩ "ዝተማሀረ ይቕተሎ" ኢልካ ትምስል! ብዘይካ እቲ ዝፈጠርካ መቸም፡ ሰብ ዝተማሀረ እንተ ተማሀረ እንደገና ህይወት ክሸኽዓልካ ዝኽእል ኣይኮነን።

ቅድም ቀዳድም፡ ትምህርቲ ሓዲጉ ገንዘብ ዝመረጹ ኣኻይዳሽ ሰልዲ ምስ ኣከበ ክጠዓሰ ወይ ድማ 'ደንቆረ' ኢሉ ከማርር ዝግበኦ ኣይኮነን። ምርጫኻ ምስ ረኺቡካ ሰልዲ ተተርኣሶካ ምምራርከ እንታይ ማለት'ዩ!

ምስ ሃብተመ ትምህርቲ ባህ እንተ ኢሉዎ፡ ከማህር ጥራይ እዩ ዘለዎ'ምበር፡ ዘይተመሃርኩ ኢሉ 'እህህ. . .' ዘብል የብሉን። ኣብ መጀመርታ፡ ምርጫኡ ትምህርቲ ነይሩ እንተ ዝኸውን እኮ፣ ገንዘብ ናይ ምእካብ ወይ ናይ ምህብታም ዕድሉ ምስኣነ። ኣብ ሓደ እዋን ሓደ እግርካ ኣብ ሰሜናዊ ዋልታ፡ ካልኣይ እግርካ ድማ - ኣብ ደቡባዊ ዋልታ ክትረግጽ መቸም ዝከኣል ኣይኮነን።

'ዝበለጸ' እንብሎ፡ግን ከኣ ዘረዳረጋጸናዮ ነገር ንምርካብ እንሕረሞም ዕድላት ብዙሓት እዮም። ኣብ መወዳእታ ዕዉታት ክንኸውን ንኽእል፡ ወይ ድማ ዘይዕዉታት። ከም'ዚ "ሰዋ ኣሎ ኢልካ ማይ ኣይትሕደግ" ዝዓይኑ እዩ።

ምናልባት ኣብ እንወስዶ ምርጫ፡ ካብ'ቲ ዝቐደመ ዝበልጽ ነገር ክንረክብ ንኽእል ንኸውን። እዚ ግን ናይ ኣጋጣሚ ደኣ'ምበር፡ ርግጸኛታት ኾይንና ስለ ዘተጸበናዮ ኣይኮነን። ንሕና ሰባት፡ ይትረፍዶ ብዛዕባ ጸባሕ ወይ ብዛዕባ ርሑቕ መጻኢ፡ ኣብ'ታ ኣብ ቅድመና ዘላ ሓንቲ ካልኢት እንታይ ከም ዝፍጠር ኣይንፈልጥን ኢና። ከም ውሑስ ገይርና እንወስዶም ሓያሎ ልሙዳት ነገራት እንተ ሃለዉ፡ እውን፡ መጻኢ ብዘይርገጸኑት ዝተመልአ ምኳኑ፡ ኣብ ዕምርና ብዙሕ ኣብነታት ከም ዝረኣና እየ ዝኣምን።

ኣብ'ዛ ወትሩ ከም እትብርኾን እትዓርብን እንርእያ ጸሓይ እኳ፡ ኩሉ ግዜ ከምኡ ኢላ ከም እትቕጽል፡ ዋላ ሓንቲ ውሕስነት የብልናን። ይትረፍዶ እዛ ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ኣዚዚ ዘለዋ ጸሓይ - እቶም ንሕና እንእዝዞም ዝመሰሉና እውን ኣብ ሎሚ ኼንና ንጽባሕ ክንቆጻጸሮም ዓቕሚ የብልናን።

ሓደ ግዜ'ሲ፡ ገለ ኣዝዩ ዘገድሰኒ ነገር ክሰኣን ከም ዝጀመረ ምስ ሰሚዐኩ፡ እንተረኸብኩ ኢለ ክኸዴ ዕዳጋ ወጺአ። እቲ ዝገርመኩም ድማ፡ ኣብ'ታ ፈለማ ዝሓተትኩላ ኣብ ጥቓ ገዛይ እትርከብ ድኳን ረኺበ። ግን ዋጋ ዳርጋ ብዕጽፊ ወሲኹ ጸኒሑኒ። ኣብ ካልእ ድኳን ብምዝዙናዊ ዋጋ እንተ ረኸብኩ ኢለ ካብኣ ወጺአ ምንዳይ ቀጺለ። ሸው ንብረት ምስኣነይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኸላል'ውን ቀለል ጸዓት ኣይኮንኩን ኣጥፊአ።

ናብ ገዛይ እናተመለስኩ ከለኹ፡ ናብ'ታ ምናልባት እንተ ሰኢነ ካብኣ ክገዝእ ከም ዝኽእል ውሕስቲ ዝወሰድኩዋ ድኳን ኣትየ። እቲ መልሲ "የለን - ተወዲኡ" ኮይኑ ጸኒሑኒ። እቲ ዋና ዘገሪው ከይከውን ኢለ "ንጉሆ'ኮ መጺአ ነይረ። 'ኣሎ' ኢልካኒ ነይርካ ምሽ" እንተ በልኩዎ፡ "ክንሸጦዶ ኣይኮንናን ኣብ'ዚ ሰቒልናዮ፡ ንሸኻ ክሱብ ትምለስ ክንጸበየካ!" ኢሉ ኣፈይ ኣትሒዙኒ።

ሓቁ እዩ፡ ይትረፍ ንዘይፈልጦ ሰቡ፡ ገዛኣይ ረኺቡ እንክሎ ንዓሚሉ ዝጸበ ሸቃጣይ ዘሎ ኣይመስለንን።

ከም ሓቂ ተጣዒሰን ኣማሪረን። ብስራ ምርጫይ እንተማረርኩ እሞ መን ክድንጎጸለይ ይኽእል! ምምራር ዝፈትሖ ነገር ስለ ዘይብሉ፡ ብስራ እቲ ዝደልዮ ነገር ዘይምርካበይ ብዙሕ ዋጋ ከፊለ። ደዕበ ይንኣስ ከም'ዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት ኣብ ኩላትና ከም ዝጸሕ'ውን ርግጸኛ እየ። "ንሎሚ ተጠቐመላ - ጸባሕ ካልእ መዓልቲ እያ" እዩ ነገሩ።።

እዚ ከም ኣብነት ደኣ ኣምጺአዮ እምበር፡ ኣብ ዓቢን ንህይወትና ጸላዊ ዝኾነን ምርጫ፡ ብኡ መጠን ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ።።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግን ምቹእ ኩነታት ክንጸበ ክንብል ዝሓለፍና'ሞ፡ ደሓር እንሰእኖ ቅም-ነገር ውሑድ ኣይኮነን። ኣብ ግዜኡ፡ ዋላ'ውን መስዋእቲ ከፊልካ ክትፍጽሞ ንዘከኣል ዕዮ "ግዜ ሰለ ዘሎ ይጽናሓለይ" ኢልካ እንተ ወዚፍካዮ፡ ዝኸፈልካ ከፊልካ ክትገብሮ ዘየኽእል ኩነት ክስዕብ ይኽእል እዩ። ሸው ዋላ ሓንቲ ውጽኢት ዝይትረኽብ ከተማርር ኢኻ፡ ጸባሕ ዝሓሸ ዕድል ንኽትረኽብ፡ ንሎሚ እንተድኣ ረጊሕካዮ፡ ጸባሕ ንባዕላ ክትረግሓካ ተኽእሎ ኣሎ።።

ስለ'ዚ፡ ኣብ ሎሚ ዘሎ ብምስትውዓል ተጠቐመሉ፡ እታ ጸባሕ ሎሚ ምስ ኩነት ድማ እቲ ዝሀሉ ኣብኡ ክጸንሓካ እዩ። ካብ ናብ ዘይተርኽቦ ልዕለት ምምጥጣር፡ ናብ'ቲ ኣብ ከርከሮኻ ዘሎ ምድሃብ፡ ኣብ ዝያዳ ርጉጽነት ከም እትምርኽስ ይገብረካ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ድሕሪ-ባይታኻ ብዘየገድስ - ‘ክዕወት እየ’ ዝብል ሓሳብ ኣብ ውሽጥኻ ክዓኩኹ ኣለዎ” ክብሮም ፍስሃ

ዓወት ብሓያል ጻዕርን ከቢድ ማሳዋእትን ድኣ'ምበር፡ ብቐጻቢታዊ ለውጢ ዝረጋገጽ ጽውዖታት ኣይኮነን። ብፍላይ ብትምህርቲ ዝጭበጥ ዓወት፡ ወጽኢት ዘይሕለል ጻዕርን ተጻዋርነትን እዩ። እቲ ብትምህርቲ ዝበለጸ መጻኢ ክሃንጹ ዝጽዕሩ ሰባት፡ ወርትግ ዕላማኦም ብዝለዓለ ማዕረ ቀጻሊ ዘይሰልክይ ሓድሽ ጽኑዕ ድሌት ዘሐንፅ እዩ። ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብእተፈላለየ ሞያ ሕክምና ዝምሃሮም ተማሃሮ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2023 ኣመሪቑ ነይሩ። ኣብቲ ጽምብል፡ ብዝመዘሮ ልዑል ነጥቢ መዳልያን ጸዋፅን ብምሽላም ደሚቑ ዝወዓለ መንእሰይ ነይሩ። እቲ ብዓውደ-ትምህርቲ ስነ መድሃኒት ትምህርቱ ዝዛዘመ መንእሰይ፡ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝሓለፎ ጉዕዞ ህይወት፡ ንብዙሓት ማዕርታቱ ብፍላይ ድማ - ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብሩ ተማሃሮ ዝዩዳ ክጽዕሩን ተስፋኦም ከበርኹን



ዝሕግዞ ስለዝኾነ - ምስኡ ዘካይድናዮ ቃለ-መሕተት ናኻትኩም ነብሎ ኣለና - ሰናይ ንባብ

**ፈለማ ምስ ኣበኻ ከተላልየና?**

ክብሮም ፍስሃ እበሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ማይምን ኣብ ዓዲ-ሕዱግ ዝበሃል ቦታ ተወሊደ ዓቢየ። ስድራቤተይ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ርድኢት ስለዝነበሮም፡ ዘይከም'ቶም መብዛሕትኦም ኣብ ገጠር ዝነብሩ ቈልዑ፡ ኣነ ወዲ 5 ዓመት ምስኮንኩ እየም ኣብ መዋእለ ህጻናት ኣእትዮሙኒ። መፍብርና ብሕርሻ ዝመሓደር ብምዃኑ፡ ማዕረ-ማዕረ ትምህርተይ ኣብ መጻሰ ድማ ይሕግዝ ነይረ።

**ትምህርትን ካልእ ንጥፈታትን ብምዕራ ንምስሳይ፡ ግዜኻ ብኸመይ ተመሓድሮ ነይርካ?**

ግደ ሓቂ፡ ኣብቲ ፈለማ ንኽልቲኡ ብማዕረ ምኻድ ምሕር ከቢድ ነይሩ። ብፍላይ ተማሃራይ መባእታ ደረጃ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ድሕሪ ቀትሪ ዝመሃር እንተኾይኑ፡ ክሳብ ሰዓት 11፡00 ቅድሚ ቀትሪ ምስተን ጥሪት ኣብ በረኻ ይውዕል። ብድሕሪኡ ወላዲተይ ናብቲ ዝወፈርኩሉ ቦታ ብምምጻእ ትቕበለኒ። ሽዑ፡ ምሳሮ ዝጀመረሉ ሰዓት መታን ከይኣኽለኒ፡ ዳርጋ ዝበዝሐ እዋን ከይተመሳሕኩ እናጐየኹ ናብ ቤት-ትምህርቲ የምርሕ ነይረ። ካብ መንበሪ ቤትና ናብቲ እንውዕሎ በረኻ ዘሎ ርሕቀት፡ ናይ ከባቢ ፍርቂ ሰዓት እዩ። ስለዚ፡ ከባቢ ፍርቂ ሰዓት ተጓዒዘ

ንዝ ብፅኢታው፡ ድብዞር ሐዘ እንደኛ ን40 ደቓይቕ ዝኣክል ብእግረይ ተጓዒዘ ቤት-ትምህርቲ ይበጽሕ። ዕለታዊ ክንድ'ዚ ርሕቀት እናተመላለስኩ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርተይ ዛዚመ ማለት እዩ።

ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ እቶም ቅድሚ ቀትሪ ዝመሃሩ ኣሕዋተይ፡ ካብ ትምህርቶም ተፈዲሶም ንኣደይ ተቐቢሎማ ይጸንሑ'ሞ፡ ኣነ ካብ ትምህርቲ ምስ ተፈደስኩ ድማ ዳግማይ ንዓኦም ይቕበሎም። ብድሕሪዚ፡ ብርሃን ጸሓይ ብዘሎም ክትዓእ ክጅምር እንከሎ፡ ምስ ጥሪተይ ንገዛይ የምርሕ። ስለዚ፡ እቲ ክዛልኽ ዝወዓለ ኣካላተይ ዋላ'ውን እንተደኸመ፡ ነተን ዝተርፋ ውሑዳት ሰዓታት ጥራውዝተይ ገጺለ ከየጽናዕኩለን ኣይሓድርን ነይረ። ተመሃራይ መባእታ ደረጃ ኣብ ዝነበርክሉ፡ ከሉ ግዜ ኣብ ተርታ ቀዳሞት 10 ብሉጻት እናኣተኹ ትምህርተይ ዛዚመ። ብሓፈሻ፡ ካብ ሓደ ደረጃ ናብቲ ካልእ ክሰጋገር እንከለኹ፡ ወጽኢት ትምህርተይ ከኣ ብእኡ መጠን እናበረኸ ይመጽእ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ እናተማሃርኩ እንከለኹ፡ ዓቢ ሓወይ ተማሃራይ ኮሌጅ ስለዝነበረ፡ ኣብ ውሽጠይ ኣኣር ናቱ ክኽተል ከም ዘለኒ ዝቖስቍሶ ሓይሊ ይኸሎ ምንባሩ እዝከር።

**ካብ መጻሰ ኣትሒዙ ርድኢት ትምህርቲ ኣብ ውሽጥኻ ክዓኩኹ ጀሚሩ?**

ክሳብ ተማሃራይ ማእከላይ ደረጃ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ብጋዚእ ተረዲኤኒ ዘይኩነ ክቱር ድሌት ጥራይ'ዩ ንኽጽዕር ዝደፋፍኣኒ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ሓገዘ ዓብይቲ ኣሕዋተይን ምኽሪ ወለደይን ዝለዓለ ተራ ነይርዎ። ብድሕሪዚ፡ ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስ ተሰጋገርኩ ግን፡ ኣብርቱዕ ክጽዕር ብምጅማረይ ካብ ተርታ ቀዳሞት ዓሰርተ ብሉጻት ሓሊፈ ብ'ዩኒት' ክወዳደር ጀሚረ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ቤት-ትምህርትና ብደረጃ 'ዩኒት' ዝወዳደሩ ዝነበሩ ገለ ገለ ተማሃሮ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ድሕሪ ምስታፍም ወጽኢቶም ሰርቲፊኬት ወይ ዲፕሎማ ነይሩ። ስለ'ዚ፡ እቲ ተርእዮ ዝያዳ ከተሓሳስበኒ ስለዝጀመረ፡ ኣብርቱዐ ንኽጽዕር ተበገሰ፡ ንኣብነት፡ ምስተን ጥሪተይ ናብ በረኻ ኣብ ዝወፈረሉ እዋን፡ ምስ'ቶም መፃዕለተይ ኣብ ዕላልን ጸወታን መታን ከይጽመድ፡ ጥራውዝተይ ተኸልኪለ ይኸይድ ነይረ። ኣብቲ እዋን፡ ንመጽሓፍ ከም ካልኣይ ዓርከይ ብምቍጻር ምስኡ ክዋግዕ ጀሚረ።

**ንኡዞ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ከመይ ትዝክሮ?**

ኣብ'ቲ ፈለማ ካብ ስድራ-ቤትካን ዝለመድካዮ ከባቢን ተፈሊኻ ክትነብር ቅሩብ የጽግመካ እዩ። ግናኸ፡ ክብደት እቲ ሓድሽ ከባብን ህይወትን ካብ ሰሙን ኣይሓልፍን እዩ። እቲ ምንታይ፡ ምስ'ቶም ደቂ-ማስርዕኻን ደቂ-ሓይልኻን ክትላለ ስለ እትጅምር፡ እቲ ብደሆ እናፎኸሰካ፡ ንሽኻ ድማ ምስኦም እናተለማመድካን እንተወሃሃድካን ስለእትመጽእ። ኣብቲ ትምህርታዊ መዳይ ድማ፡ ቅድሚ ሃገራዊ መርመራ ኣብ ዝወሃቡ ፈተናታት ጽቡቕ

ዝኾነ ወጽኢት የመዝግብ ነይረ። ከም ወጽኢቱ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 3.6 ነጥቢ ብምምጻእ፡ ናብ ኮሌጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ - ማይ-ነፍሒ ተጸንበረ።

**እሞ ኣብ ኮሌጅከ ትምህርቲ ከመይ ረኺብካዮ?**

መቸም ኩሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ፡ ትምህርቲ ኣብ ኮሌጅ ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ከቢድ እዩ። ከም ዝመሰለኒ፡ እቲ ትምህርቲ ዝያዳ ዘኽብዶ፡ እቶም ቅድሚኻ ዝጸንሑ ተማሃሮ ንርዝኑ ደጋጊሞም ክገልጽዎ እንከለዉ፡ ወሽጡ ኣቲኻ ከይመርመርካዮ ብቲ ንኣቶም ዝበሉዎ ጥራይ ኣቐዲምካ ትደሃል። በዚ ምኽንያት፡ ተማሃሮ ምስ ዝመጽእ ንፋስ ክፍሱ ይረኣዩ። ንኣብነት፡ “ኣብቲ ክፍሊ ንፉዕ መምህር ኣሎ” ይብሃል'ሞ፡ ተማሃሮ ክፍሎም ገዲፎም ናብ ካልእ ብምኻድ ሳዕልን ታሕትን ክብሉ ይረኣዩ። ብወገነይ ነቲ ተግባራት ስለዘይደገፍኩ፡ ካብ ክፍለይ ወጺአ ተማሂረ ኣይፈልጥን። ግናኸ፡ ምስ'ቶም መዳቕስተይ ብበወገና ክንመሃሮ ዝወዓልና ብብዙራ ንዘራኽር ነይርና። ስለዚ፡ ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ልዑል ጸቕጢ ነይሩ። ሽዑ እዝከረኒ፡ ብዘይካ ክንምገብን ቅሩብ ኣብ ዓራትና ቀም ክንብልን እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ዝበዝሐ ሰዓታት ኣብ መጽናዕቲ ኢና ነሕልፎ ነይርና። ኣብ እዋን ፈተና፡ ብዙሓት ካብ መማህርትና ክነርፉ እንከለዉ፡ ኣነ ግን ምስ'ቶም ዝጸዓሩ 2.5 ነጥቢ ሒዘ ናብ ዝቐጽል ሰሚስተር ተሰጋገረ።

ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር፡ ምስ ብዙተይ ኣብ ኣገባብ ኣጸናንዓና ይኹን ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስትና ምምሕያሽ ክገብር መደብኩ። ካብቲ ዝቐደመ ዝተፈልየ ማለት - ውሑድ ናይ ምዝንጋዕ ሰዓታት ብምፍላይ፡ ብናትና ውሳኔ ክንምራሕ ጀሚርና። ብዘሕፈፈ ወጥን ሳላ ዝተጓዓዝና ድማ፡ ኣነ ኣብቲ ካልኣይ ሰሚስተር 3.29 ነጥቢ ብምምጻእ፡ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ስነ-መድሃኒት (ፋርማሲ) ክጽንዕ ጀሚረ።

**ንምንታይ ስነ-መድሃኒት ክተጽንዕ መሪጽካ?**

ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተማህሩ ዜጋታት፡ ንሕብረተሰብ ብፍልጠቶም እየም ዘገልግሉ። ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕክምና ተገዳስነት ስለዝነበረኒ፡ ተማሃራይ ቀዳማይ ዓመት እንከለኹ ‘ስነ-ፍልጠታዊ ሕክምና’ እትብል መጽሓፍ ኣንቢበ ነይረ። እታ መጽሓፍ ንኹሉ ዓወድታት ሕክምና ብዕምቈት እትገልጽ ኮይና፡ ዝያዳ ግን እቲ ኣብ ስነ-መድሃኒት ዘተኰረ ትሕዝቶኣ መሲጡኒ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓውድታት ትምህርቲ ስነ-ቕመማን ስነ-ህይወትን ልዑል ብቕዓት ስለዝነበረኒ፡ ነቲ ዓውደ-ትምህርቲ ክጽንዕ ወሲነ። ብኣንጻሩ፡ ብዙሓት ሰባት “ስለምንታይ እኹል ነጥቢ እናሃለወካ ካልእ ዓውደ-ትምህርቲ ዘይትመርጽ” ይብሉኒ

ነይሮም። የግዳስ፡ ብቑዓምነት እንታይ ትደልን ኣብ ምንታይ ተደምሃን ብጋዚእ ምልላይ እዩ እቲ ኣገዳሲ። በዚ መሰረት ከኣ፡ ንትምህርተይ ብልዑል ነጥቢ ስለዝዛዘምኩዎ፡ ኣብ ዕለተ መመረቕታና መዳልያን ጸዋፅን ክሽልም በቒዐ።


**ኣብቲ ናይ መመረቕታ ዕለት ዝነበረ ስምዒት ...?**

ዕለተ መመረቕታ፡ ናይ ሓያሎ ዓመታት ጻዕርን ድኻምን ፍረኡ እትሓፍሰሉ መዓልቲ እያ። ነቲ ዕለተ ሓጎስ ምስ መማህርትኻ፡ መማህራንካን ወለድኻን ክትጽንበሎ እንከለኻ ድማ፡ ዝዕምቖ ሓጎስ ክትገልጾ ዘጸግም እዩ። ምናልባት ካብ ክፍለይ ጸብለል ብምባል ክዕወት ይኽእል'የ ዝብል ግምት እኳ እንተነበረኒ፡ ንኹሎም ተመረቕቲ ብምብላጽ ግን ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ (3.58) ክዕወት'የ ዝብል ሓሳብ ኣብ ውሽጠይ ኣይነበረንን። ስመይ ንኹሎም ተመረቕቲ በሊጹ ምስ ተረቚሐ ግን፡ ኣብቲ ህሞት ዝተሰምዓኒ ስምዒት ክገልጾ ከሸግር እዩ። ብሕጽር ዝበለ ግን፡ ኣብቲ ጽምብል ጉባለ ምሩቓት ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ዓመት 2023-2024 ብምዃን መዳልያን ጸዋፅን ተዓዊተ።

**ምስጢር ዓወትካ ብኸመይ ምግለጽካዮ?**

ናይ ስድራ-ቤተይ ድሕረ-ባይታ ጸልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን። ካብ ናብራ ሓረስታይ ከወጽእ እንተኾይነ፡ ግድን ኣብርቱዕ ክጽዕር ከም ዘለኒ ብኣጋኡ እየ ተገንዚበ። ብዘይካ'ዚ፡ ክልተ ኣሕዋተይ ቅድመይ ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ ስለዝነበሩ፡ ናታቶም ጽልዋ'ውን ብቐሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ማዕረኦም ወይ ልዕሊኦም ክኸውን እንተኾይነ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣብርቱዕ ክጽዕር ከምዘሎኒ ምስ ነብሰይ ተረዳዲአ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ኮሌጅ ግዜኻ ከመይ ተማሓድር ድማ ወሳኒ እዩ። ኣብ እዋን ፈተና ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ኣብቲ ካልእ ግዜ'ውን ወትሩ ካብ መጽናዕቲ ክትፍለ የብልካን። ብፍላይ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተሰጋገርካ ኣብ እትኸደሉ እዋን፡ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ'ውን ብእኡ መጠን እናኸበደ ክኸይድ ግድን ስለዝኾነ፡ ኣብ ገለ እዋን ጸዓትካ ክጸንቐቕ እንከሎ - ዝያዳ ሓይሊ ክትድልብ ኣገዳሲ እዩ።

ወላዲያይ ኣብል ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምዃኑ፡ ኣደይ ናይ ሰብኣያን ሰበይትን ዕዮ እናዓየየት እያ ኣዕቢያትና። ኣብዚ ደረጃ ክንበጽሕ ዝኸኣልናዮ'ውን ብቐንዱ ብሳላ ናታ ልዑል ኣበርክቶ እዩ። ኣብቲ እንነብረሉ ከባቢ ብዙሓት ተማሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከቋርጹ ይረኣዩ እዮም። ኣደይ ግን ንሕና'ውን ናታቶም ዕጫ ንኸይገጥመና ከቢድ ማስዋእቲ ከፊላትልና እያ። ሓደ መዓልቲ'ውን ትኹን ካብ ትምህርቲ በኹርና ኣይትፈልጥን እያ። ትምህርቲ በኹርና ኣይፈልጥን እያ። ኣቦይ'ውን ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ተኸታቲሉ እዩ። ስለዚ፡ ንሱ ዘይረኸቦ ዕድል ትምህርቲ ንሕና ንክይንኸስር፡ ዋላ ኣብ ርሑቕ ቦታ ይሃሉ፡ ኩነታትና ብዕቱብ እዩ ዝከታተሎ ነይሩ።



መንእሰይ ክብሮም ፍስሃ

**ዓወት ንምርካብ ኣብ ዝግበር ቅልስ ብድህሳታት ከጋጥም ንቡር ብምዃኑ - ዘጋጠመካ ብደሆታት እንተሎ ክትገልጸልና?**

ኣብ ኮሌጅ ዝወሃብ ትምህርቲ ብሶፍት ኮፒ ስለዝዋሃብ፡ ንኹሉ ክትቀድሖ ወይ ኮፒ ክትገብሮ ስለዘጸግም፡ ግድን ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒ ክህልወካ ኣለዎ። ብኣንጻሩ፡ ሞባይል ወይ ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒ ኣይነበረንን። ስለዚ ድማ ብጋዚእ ክጽንዕ ስለዘይከኣልኩ፡ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ትምህርቲ ከቋርጽ'ሞ፡ ሽዑ ሰራሕ ዘድልየኒ መሳርሒታት ክዕድግ ሓሰብ ነይረ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ መምህረይ ንዝነበረ ሰብ'ውን ሓሳበይ ኣካፈልዮ። እንተኾነ፡ እቲ ሰብ ብዙሕ ኣታዊ ዘይብሉ ክነሱ፡ ንጸባሒቱ ሞባይል ገዚኡ ኣምጺኡለይ። ትምህርተይ ካብ ምቁራጽ ከኣ ኣድሒኑኒ። ኣብ ህይወት፡ ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ምርካብ ዓቢ ጸጋ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቅድሚኡ ሞባይሎም ብምሃብ ዝተሓባበሩኒ ዝነበሩ መማህርተይ እውን በዚ ኣጋጣሚ ብልቢ ከመስግኖም እደሊ።

**ነቶም ኣብ ርሑቕ ከባቢ ዝነብሩ ተማሃሮ እትብሎም እንተሎ?**

ነቶም ካብ ርሑቕ ገጠራት ብምምጻእ ኣብ ኮሌጃትን ካልኦት ትካላት ትምህርትን ዝጽንዑ ተማሃሮ፡ ብሰንኪ'ቲ ድኑዓት ቁጠባዊ ዓቕሞም ብዘጋጥሞም ብድሆታት ከይተሳናኸሉ ኣብርቱዖም ክጽዕሩ ክላብዎም እደሊ። ፈለማ ንትምህርቲ ክበጽሑ እንከለዉ፡ ‘ክዕወት እየ’ ዝብል ሓሳብ ኣብ ውሽጦም ክሰርጽ ይግባእ። ድሕረ-ባይታኻ ብዘየገድስ - ‘ክዕወት እየ’ ዝብል ሓሳብ ኣብ ውሽጥኻ ክዓኩኹ እንተኽኢሉ፡ ኣብቲ ዝደለኻዮ ደረጃ ዓወት ከይበጻሕካ ኣይትተርፍን ኢኻ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዓውደ-ትምህርቲ ጥዕና ዕምርኻ ምሉእ ክትመሃርን ክትመራመርን ዝጠልብ ሞያ እዩ። ብቐጻሊ ሓደሽ መጽናዕቲ ዘድልዮ ዓውዲ ስለዝኾነ፡ ምስ መሳርሕተይ ይኹን ብውልቀይ መጽናዕትን ምርምርን የካይድ እየ። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ሆስፒታል ባረንቱ ብዝተማህርክዎ ሞያ እሰርሕ ኣለኹ። ነቲ ብናጻ ዝምሃረኒ መንግስትን ህዝብን፡ ብምሉእ ዓቕመይ ኣብ ምግልጋል እርከብ ኣለኹ ማለት እዩ።



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ኢሂን ምሂን

# ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ፡ ስድራኻ፡ ከባቢኻን ሃገርካን ዘለዎ ረብሓ ከመይ ዝበለ'ዩ?



**ፉርስ ዮሴፍ**
(ኣባል ሚኒስትሪ ጥዕና )

ብሰ ምሕደራ ማለት ኣብ መንጎ ስምዒታትካ፡ ሓያል ጐንኻ፡ ድኹም ጐንኻ፡ ዕድላትካ፡ ሕጽረታትካ፡ ብልጫታትካ፡ ግዜኻ፡ ማሕበራዊ ኵነታትካ ውህደት ብምፍጣር ክትሰርያ ትኽእል ዕዉት መስርሕ ሂወት'ዩ።

በዚ መንጽር ዘለካ ጉዕዞ ሓደ ሓያል ሸነኽካ ነቲ ዘለካ ድኻም እናሸፈኖ ዕዉት መስርሕ ሂወት ይህልወካ። ነገራት ብግቡእ ክርዳእ ዝኽእል ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሃገራውን ኣበርካትን ክትከውን ድማ የኽእለካ። ***



**ክብሮም ሽማንጉስ**
(ኣባል ሚኒስትሪ ጥዕና )

ነብሰ ምሕደራ ነብስኻ ብግቡእ ፈሊጥካ፡ ነብስኻ ብግቡእ ፈሊጥካ ንምምሕያሹ ውጥን ምሕንጻጽን ራኢኻ ብግቡእ ምልላይን፡ መንገዲ ዓወት ንኽተለሊ ኸኣ ነብስኻ ብግቡእ ክትመልኽ ምኽኣል፡ ብልጫታትካን ድኻማትካን ኣለሊኻ፡ ኣብ ብልጫታትካ ሓይሊ ምውሳኽ፡ ኣብ ጌጋታትካ ድማ ቅልጡፍ መኣረምታ ጌርካ ክትጉዓዝ ምኽኣል እዩ። ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ ብብዙሓት ነገራት ዝተፋረቐ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ገሊኡ ብመሰረት ውጥንካን ራኢኻን ከተማሓድሮ ከለኻ፡ ገለገለ ድማ ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ዝኾኑ ምሕደራ ኣለዉ። እዚ ምሕደራ እዚ ድማ ብባህላዊ፡ ብማሕበራዊ፡ ብሃይማኖታውን ካልእን ዝጽሎ እዩ። ካብ'ቶም ቀንዲ ባእታታት ንነብሰ ምሕደራ ዝጸልዉ፦

ሀ. ብሃንደበታዊ ኣብ ሂወትካ ጸቕጢ ዝፈጥሩ ነገራት ከም ሞት፡ ፍትሕ፡ ሸቕለት ኣልቦነት፡ ሓድሽ ስራሕ ክትጅምር ከለኻ፡ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ድሕሪ መርዓ ሓዳር ክትምስርት ከለኻ፡ ሕዱራት ሕማማት ወይ ኣካል ዘጉድሉ ሓደጋታት፡ ምስ ነብስኻ እትፈጥሮም ግርጭታት፡ ካብ ነብስኻ ንላዕሊ እትኣልዮም እንተ ሃልዮምኻ ኣብ ነብሰ ምሕደራኻ ዝፈጥረልካ ምዝንባዕ ብቐሊል ዝረአ ኣይኮነን።

ለ. ኣብ ነብሰ ምሕደራ ጸላዊ ዝኾነ ምስ ስራሕካ ዝተኣሳሰር ጸቕጢ እዩ። እዚ ማለት ዘይዕጉብን ዘይሕጉስን ምስ ትኸውን፡ ጻዕቂ ስራሕን ልዕሊ ዓቕምኻ ሓላፍነትን ምስ ዝህልወካ፡ ነዊሕ ሰዓታት ስራሕ፡ ዘይንጹራት ትጽቢታት ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ዘይውሑስ ከባቢ ምስ እትነብር፡ ኣብ ስራሕካ ተነጽሎ ምስ ዝህልወካ ወዘተ ኣብ ነብሰ ምሕደራ ዘምጽኦ ጸገም ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን።

እንተ ድኣ ነብስኻ ብዝግባእ ከተመሓድር ደሊኻ፡ መጀመርታ ነዞም ቀዲመ ዝጠቐስክዎም ከም ውሁብ ናይ ወዲ ሰብ ትዕድልቲ ወሲድካ፡ ኣብ ራእዩኻ ንምብጻሕ ካብ ዘጋጥሙ መሰናኽላት ምኺኖም ኣሚንካ ክትዳለወሎም እንተ ኽኢልካ ንነብስኻ፡ ከባቢኻ፡ ሃገርካ ኣዚኻ ኣገዳስን በሊሕን ስለ ዝኾንካ ምእዙንን ኣማእዛንን ትኸውን።

ኣብ ነብሰ ምሕደራ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ንዘጋጥመካ ግድል ብብቕዓት ክትገጥሞ ምኽኣል እዩ። ነዚ ንምግጣም ዘድልዩኻ ኣጽዋር ድማ፦ 1. ክትፈትሖ ደሊኻ ዘለኻ ዕንቅፋት ብግቡእ ምልላይ። 2. ኵነተ ኣእምሮኻ ብምርግጋእ ብሉጻት እትብሎም ፍታሕ ምንዳይ። 3. ካብቲ ዝሓሰብካዮ ዝበለጸ ኣማራጺ እንተ ተረኺበ ግዜ ምሃብ ተመራጺ እዩ። 4. ካብ'ቶም ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ዘቐመጥካዮም ነጥብታት እቶም ዝበለጹ እትብሎም ብቐዳምነቶም ምስራዕ። 5. ነቶም ብቐዳምነት ዝሰራዕካዮም ናይ ትግባረ ሰሌዳ ምውጻእ። 6. መእሰሪ ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ነጥብታት ምዕባሌታቶም እናተኸታተልካ ኣብቲ ዝድለ ምስ እትበጽሕ እቶም ቀንዲ ነጥብታት ነብሰ ምሕደራ ምዃኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።


ንነብሰ ምሕደራ ወይ ነዞም ቀዲሞም እተጠቐሱ ነጥብታት ብኸመይ ተመሓድሮም ንዝብል ሕቶ፡ ሓደ ፍታሕ እዩ ዘለዎ። ብምሕደራ ግዜ። ***



**ልዋም ሞጎስ**
(ኣባል ሚኒስትሪ ፍትሒ)

ነብሰ ምሕደራ ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ ውልቀ ሰብ ንሂወቱ ብግቡእን ኣፍራዪ ንዝኾነን ኣገባብ ንኽመርሕ ዝገብሮ ንጥፈታት'ዩ። ግዜኻ ብግቡእ ምምቕራሕ፡ ስሩዕ ናይ ምድቃስን ምትሳእን ግዜ ምህላው፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ፡ ከምኡ'ውን ንዝተዋሃብካዮም ዕማማት ኣብ ግቡእ ግዚኦም ምፍጻም ገለ ካብ'ቶም ብኣብነታት ዝጥቀሱ'ዮም።

ነብሰ ምሕደራ፡ ካብ ነቲ ውልቀ ሰብ ሓሊፉ፡ ኣብ ከባቢኡን ሃገሩን እውን ዓቢ ረብሓ ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ሓደ ውልቀ ሰብ፡ ንበይኑ ዘይኮነ፡ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ከምኡ'ውን መላእ ሕብረተሰብ ናይ ሃገሩ እናተሓባበረ'ዩ ዝነብር። ከም ኣብነት፦ ሓደ ውልቀ ሰብ ኣባል ስድራ ቤቱ'ዩ፤ ኣባል ናይ'ቲ ዝነብረሉ ኮም'ዩ፤ ኣባል ናይ'ቲ ዝሰርሓሉ ትካል እውን'ዩ። ኣብዚ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ምትእስሳር፡ እዚ ውልቀ ሰብ፡ ግዚኡ ብግቡእ ኣመቓሪሑ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ትምህርቱ፡ ስርሑን ስድራ ቤቱን ዘለዎ ግቡኣት ክፍጽም እንተ ኽኢሉ፡ ዓቢ ረብሓ ንሕብረተሰብ ክኸውን ከሎ፡ ብኣንጻሩ ወጅሃላይ ዝኾነ ኣካይዳ ምስ ዝህሉዎ ግን ዓቢ ዕንወት ከኸትል ይኽእል። ***






**ሙና ወልደገብርኤል**
(ኣባል ሚኒስትሪ ትምህርቲ)

ነብሰ ምሕደራ ማለት ንሓደ ክጭብጦ እትደሊ ዕላማ ወይ ራእዩ ንምፍጻም ተኻይዶ ንጥፈታት እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ናይ ኣተሓሳስባ ምትዕርራይ ትገብረሉ፡ ብርትዓዊ ኣጠማምታ ንነብስኻን ሕብረተሰብካን ብዘርብሕ መንገዲ ሂወትካ ተማእዝነሉ እዩ። ነብሰ ምሕደራ ንበይኑ ተንጠልጢሉ ዝኸይድ ዘይኮነ፡ ምስ ግቡእ ምሕደራ ግዜ፡ ሞያን ፍልጠትን ምዕባይ፡ ከባብያዊ ኣተሓሳስባን ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ምህላውን ዘጠቓልል እዩ።

ነብስኻ ክተመሓድር ኣብ ዝጀመርካሉ፡ ብቐዳምነት ባዕላዊ ረብሓ'ዩ ዘምጽእ። ኣብ ነብስኻ ብእትፈጥሮ እወታዊ ኣተሓሳስባ ድማ ንኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሕብረተሰብ ነጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ።

***



**ፍራንቸንስኮ ቦሾ**
(ኣባል ሚኒስትሪ ቱሪዝም)

ነብሰ ምሕደራ ማለት ሓደ ሰብ ፍልጠቱ፡ ዝምባለኡ፡ ሓይሉን ብልጫታቱን ብግቡእ ተገንዚቡ፡ ኣብ ግቡእ መዓላኡ ከም ዘውዕል ምግባር እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ነብሱ ግቡእ ምሕደራ ዘካይድ እንተ ኾይኑ፡ ካብ ካልኦት ከይተጸበየ ብርሃጹን ጽፍሩን ጻሕቲሩ ክነብር ኣይጽገምን እዩ። ምሕደራ ካብ ነብስኻ እዩ ዝጅምር። ነብስኻ ብግቡእ ዘይተመሓድርን ዘይትመልኽን እንተ ኼንካ፡ ንነብስኻ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንስድራኻ፡ ከባቢኻ ይኹን ሃገርካ ክትጠቅም ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ እቲ ንነብሱን ከባቢኡን ክጠቅም ዝደሊ ሰብ፡ ቅድም ነብሱ ብግቡእ ከመሓድር ክኽእል ኣለዎ። ***



**እድሪስ መሓመድ**
(ኣባል ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት)

ሓደ ሰብ ንነብሱ ወይ ንሂወቱ ዘመሓድረሉ ሜላ ወይ ጥበብ እዩ ነብሰ ምሕደራ። ኣብ ነብሰ ምሕደራ ዘገድሱ ቀንዲ ረቛሒታት፡ ግዜኻ ብግቡእ ምምሕዳር፡ ጽቡቕ ናይ ምብህሃል ክእለትን ስነ ምግባርን ምምዕባል ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ ስራሕን ትምህርትን ዝሕተት ግቡኣት ምምላእ የጠቓልል። ኣብነት፡ ኣነ ንነብሰይ ካብ ዝኾነ ሕማቕ ወልፍታትን ድሑር ልምድታትን ኣርሒቐ፡ ንውልቀይን ሃገረይን ኣብ ዘርብሕ ብንቕሓት፡ ተወፋይነትን ብቕዓትን ክሰርሕ እንተ ኼይነ፡ ቅድም ቀዳድም ነብሰይ ብግቡእ ከመሓድር ኣሎኒ። ዘሎኒ ግዜ፡ ጸጋ፡ ዓቕሚ፡ ክእለት ብግቡእ ከመሓድር ኣሎኒ። ***

# ሩፍታ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ
tum.tes.88@gmail.com

## ሰኣን'ታ ቅንጣብ ወረቐት

ጸምኡ ዝበለ ገጽን ግሩም ተኸሊሱሉትን ዘውንን ኒጋስ፡ ኣብ ሓምሳታት ዕድመ'ዩ ዝርከብ፡፡ ገለ ክፋል ካብ ዕድመኡ ግን ከም ዝበርዐ ክዝከር ኣይደልይን እዩ፡፡ ዝከኣል ነይሩ እንተ ዝኸውን ካብ ዕድመ ንእሰነቱ ክድምስሶ ወይ ቡቲኹ ክድርብዮ ኣይምጸልኣን፡፡ ነቲ ዛንታ'ቲ ክዝክሮ ዘይደሊ'ኳ እንተኾነ፡ ከርስዎ ዝኽእል ግን ኣይኮነን፡፡

ኣብ ዕላልና ከም ዝተዓዘብኩዎ፡ ካብ ኣብ ህሉው ግዜን መጻኢን፡ ብዚያዳ ኣብ ሕሉፉ ዘድህብ ይመስል፡፡ 'ክኸውን ነይሩ'ምም' ዝብሎም ብዙሓት ነገራት ኣለዉዎ፡፡ ስውጣ ክንብር ንዘይክኣል እናኸዘርም ንብዩ ይሕመሰሉዎም፡፡

ኣብ ደገ ኾይንና ንኸዕልል ዘቕረብኩሉ ሓሳብ ኣይተቐበሎን፡፡ ስለ'ዚ ኢና ድማ ኣብ ቤቱ ብቐጸራ ክንራኸብ ዝተሰማማዕና፡፡ በሰላታቱ ስዘር ህይወት ንኽመርሕ ዝደርኾዎ ይመስል፡፡ ኣብ ቀጸራይ ገዝኡ ምስ በጻሕኩ፡ "ስድራ ገይሾም ስለ ዘለዉ ቀሲንና ከዕልል ንኽእል ኢና" በለ፡ መፍትሕ ካብ ጎረቤት ኣምጺኡ ማዕጾ እናኸፈተ፡፡

እታ ገዛ ኣርባዕተ ብ'ኣርባዕተ'ያ፡፡ ተወሳኺ ክፍሊ የብላን፡፡ ልዳት ምስ ረገጽኩ ዳርጋ ሓደ ሸነኽ ናይ'ቲ መንደቕ ክመልእ ዝቐረበ ከረዴንሳ ምስ ጸበቓ ንብረቱ ኣብ ፊተይ ተገቲሩ ረኣኹ፡፡ ዓቢ ማዕጾ ናይ ቐጽሪ ዝመስል ኣርማድዮ'ውን ብዮማኒይ ወገኑ፡፡ ገፊሕ ስፓሴራ ዓራቱ ምድሪ ቤት ኣብ ልዕሊ ምድራቤት ኩበሎ ይቕልስ፡፡ እቲ ሳሎን ግን ድሕሪ'ቶም ጠገለ ዘይብሎም ንብረት ግዲ ተገዚኡ ኾይኑ፡ ብየቓን ናይ'ቲ ዝተረፈ ቦታ ተሰሪሑ ዝሰዓበዩ ዝመስል፡፡ ምስ'ቶም ዘኸበቡዎ ንብረት ብዘይሰነ መጠን ንእሽቶይ'ዩ፡፡

ኣብ ትሕቲ'ቲ ከብንዲ ገለ ዝኸውን ንብረት እንታይ ከም ዝተሰትረ እንድዒ'ምበር፡ ጽሬት ናይ'ታ ብኽልተ ወሰታ እትውልወል ገዛ ባህ ዘብል ነበረ፡፡ "ክንደይ ዓመት ኣብ'ዛ ገዛ ተቐሚጥኩም?" በልኩዎ፡ ስለምንታይ ከምኡ ኢለ ክሓትቶ ከም ዘበደሰኒ ከይተረድኣኒ፡፡

"ነዊሕ እዋን ኾይኑ" በለ፡፡

ኣብ ውሽጢ'ታ ገዛ ምንቅስቓስ ማለት፡ ዳርጋ ብመሳናኽል ምሕላፍ ማለት'ዩ፡፡ ብቐስታ ናብ ውሽጢ ቤት ምስ ሰጎምኩ፡ ኣብራኸይን በራኽቱይን ምስ ሳሎንን ጣውላን እናተፈሓፈሐ ኮፍ በልኩ፡፡ ከም'ቲ ዓቕለይ ዝጸበበ፡ ንዕኡ'ውን ዓቕሉ ከም ዘጽብበሉ ኾይኑ ስለ ዝተረደኣኒ ድማ፡ "ገዛ ጸቢባትኩም" በልኩዎ፡፡ ኣቕልል ኣብለ ንኽዝረቦ ኢለ ደኣ'ምበር፡ ገዛ ካብ ዝበሉ መኻዚና ክበላ ምቐረበ፡፡

"እንታይ'ሞ ክንገብር፡ ተሸገርና፡ ዓቕሚ ተሳኢኑ ወይ ገዛ ተሳኢኑ . . ." ኢሉ ከምዝርር'የ ተጸበየ፡፡ ንሱ ግን "ኢይ. . ህይወት ኣይትጸበቦ'ምበር፡ ገዛ ተጸበበስ ብፍቕርን ስኒትን ከተማፍሓ ትኽእል ኢኻ" ክብል፡ ካብ ግምተይ ወጺኡ መልሲ ሃበ፡፡ "ሓቅኻ ኢኻ" ኢለዮ ጥራይ ሰቕ ኢለ፡፡

ብዘይካ ናይ መርዓውቲን ናይ ክልተ ህጻውንቲ ቐልዑን ዝተሰቕለ ስእሊ የለን፡፡ ኣዒንተይ ኣብ ዘርያ ቤት ከኸልል ድሕሪ ምጽናሕ "ስድራ ደኣ ኣርሒቖም ደየም ዋላስ ናብ ቀረባ'የም ገይሾም?" በልኩዎ፡፡

"ዓዲ ወሪዶም" ምስ ሕቶይ ዘይዛመድ መልሲ ሃበኒ፡፡ "ኣበየናይ ዓዲ? ርሑቕ ድዩ ቐረባ?" ዝበሉ ሕቶታት ከይተመላለሰለይ ኸለዉ "ኣሃዛ. . ." ኢለ ትም በልኩ፡፡ ምኽንያቱ ንመፈለሚ ዘረባ ወይ ዕላል ኢለ ደኣ'ምበር፡ ቐንዲ ጉዳየ'ሲ ንሱ ኣይነበረን፡፡

ኪዳኑ ኣብ 1973 ዓ.ም. ኣብ'ቲ ካብ ገጠራት ናይ ሕጂ ዞባ ደቡብ ምስ ኣደኡ ናብ መንደፈራ ከም ዝኸዱ ሓወሲ ደብዘዝ ዝኸሪ ኣለዎ፡፡ ካበየናይ ዓዲ ከም ዝተበገሱ ግን ኣሚት የብሉን፡፡ ወዲ 4 ዓመት ኣቢሉ'ዩ ነይሩ፡፡ እቶም ብልጭ ኢሎም ዝጠፍኡ ዘይንጹር ዝኽርታት ህጻንነቱ'ውን ድግርግር ዝበሉ'የም፡፡ ኣቦይን መዓስን ምኻኑ ድማ ፈጺሙ ዝዝክሮ ኣይኮነን፡፡ እቲ ቦታ ክሳብ ኣብ ካልእ ፕላኔት ከይኑ እዩ ዝስመዖ፡፡

"ብዛዕባ ንእስነትካ እንታይ ትዝክር?" በልኩዎ፡ ተረጋጊኡ ምስ ተቐመጠን ናይ ቀንጠመንጢ ዕላል ምስ ተለዋወጥናን፡፡

"ጥዑም ናይ ንእስነት ግዜ ዘሕለፍኩ ኾይኑ እዩ ዝስመዓኒ፡፡ ምስ'ቲ ኣቐዲመ ዘሕለፍኩዎ ንእስነት ስለ ዝተሓዋወሰኒ ግን ካበየናይ ግዜ ከም ዝዝክሮ ክርደኣኒ ኣይክእል'ዩ፡፡ 'ወዲ ክንድ'ዚ ዓመት ከለኹ' ኢለ ክበልጽ ኣይክእልን፡፡ ቐሩብ ዕብየ ምስ በልኩ ግን ዳርጋ ኩሉ ነገር እዝክሮ'ዩ፡፡ ምናልባት ካብ ወዲ ሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ ዓመት ክኸውን ይኽእል፡፡ ገሊኡ ግን ኣእምሮይ ዝሓሰቦ ጽውጽዋይ ኾይኑ ስለ ዝስመዓኒ ተኣማሚኒ ክዝረብ ኣይክእል፡፡ መጨበጢ እሰእሉ'ሞ፡ ኣብ ኣእምሮይ ዝሰረሕኩዎ ዘዩለ ዛንታ ከይከውን ዝሓሰብኩ ግዜ'ውን ኣሎ" በለ፡፡

ናይ መጀመርታ ገጹ፡ ከም ዝጠፍኦ መጽሓፍ፡ ካብ ሰሩ ዘይጨበጦ ዛንታ እንክዕልል፡ "እዩ ዝኸውን፡ ምናልባት፡ ከም ዝበሉኒ. . ." እናበለ እዩ ዘዘንቶ፡፡ ካብ'ቲ ዝፍለጦ ወይ ዝዝክሮ ግዜ ኣትሒዙ፡ መጺኡ እንታይ ሐዘሉ ከም ዝጸንሐ ከይፈለጠ፡ ከም ቐልዓ ምስ መኩኡ ዝተጻወተሉን ዝተሓጎሰሉን ዓመታት፡ ሰሚ ናብ ድሕሪት ተመሊሱ እንክሰላሰል፡ ከም ዕሸት ይቑጽሮ፡፡

መፈጠሩን ኣተዓብዩኡን ንኽፈልጥ "ኣበይ ተወሊድካ?" ዝበል ሕቶ ምስ ኣቕረብኩሉ፡ በቲ ኣብ ኣእምሮኡ ዘሕደሮ ዘይርጉጽነትን ሕሉፍ ጸልኣትን እዩ መሰለኒ "እንድዒ" ክብል መለሰለይ፡፡

"እንታይ እንድዒ"

"ብሓቂ'የ 'እንድዒ' ዝበልኩ ዘለኹ፡፡ ዝተወለድኩሉ ቦታ ዝነግሩኒ ሰባት ርግጸኛታት ምኻኖም እጠራጠር'የ፡፡ በዚ ምኽንያት ነቲ ዝተነግረኒ ዓዲ ክጠቕስ ከለኹ ባህ ኣይብለንን'የ፡፡ ሓንቲ መዓልቲ ርግጸኛ ኾይነ ዝተወለድኩሉ ቦታ ምስ ፈለጥኩ ጥራይ'የ ኣፊይ መሊአ ክዛረብ ዝኽእል፡፡

"ከመይ ደዩ ኣውሊድካ?"

"ከም ኩሉ ሰብ እምበር ከመይ ክኸውን ኢሉ፡፡ ኣብ ማህጸን ኣደይ ዓኹኹ ግዜ ምስ ኣኸለ ድማ ኣብ 9 ወርሒ ወይ ኣብ 7 ወርሒ ተወሊደ፡፡ ዝኾነ ይኹን ህጻን ወለዱ ኣበይ ከም ዝተወልደ እንተ ዘይኣስለሞ ከመይ ገይሩ ባዕሉ ክፈልጦ ይኽእል? ኣነ ብወለደይ ወይ ብናይ ቀረባ ፈለጥየ፡ እዚ ሓበሬታ ኣይረኸብኩዎን፡፡ ተወሊደ - ዓብየ. . . በቃ!"

"ሕራይ፡ እዚ ደጸናሓልናኖ፡ ብዛዕባ ንእስነትካ ካብ ፈለማ ኣዕልለኒ'ስከ?"

"ከም'ቲ ዝበልኩኻ፡ ኣቦይን መዓስን ምኻኑ ኣይፈልጥን፡፡ ምስ ኣደይ ወላዲተይ ኣብ ሓንቲ ገዛ ከም ዝነበርና ግን ወቓሕ ይብለኒ፡፡ ከም ዝተነገረኒ ከኣ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ከለኹ ምስ ኣደይ ናብ መንደፈራ መጺእና፡፡ ሓንሳብ እናሓዘለትኒ፡ ሓንሳብ ብእግረይ ቀስ ኢለ እናሰጎምኩ ንጓዓዝ ዝነበርና ኾይኑ ይስመዓኒ፡፡ ካብ'ዚ ንደሓር ግን ኣብ መንደፈራ እየ ዓብየ"

"ምስ ኣደኻ ዓቢኻ?"

"ኣይኮነን"

"ምስ መን ደኣ?"

"ምስ ክንዲ'ደይ"

ደረቕ ክምስታ ኣሰንዩ መለሰለይ፡፡ ክምስታኡ፡ ናይ ባህታ ዘይኮነ፡ ናይ



ጓሂን ምግራምን ዝጸብራቕ ዝነበረ'ዩ፡፡ እንደገና፡ ዛንታኡ ምሉእ ዘይምኻኑ ከም ዘገሃዩ፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ከም ዘሕርቖ ገለጸለይ፡፡ ብዛዕባ ወላዲቱ ሕማቕ ንኸይዛረብ ጥንቃቐ ይኹን እምበር፡ ነቲ ዝዓቖሮ ቂምታ ዘንጸባርቕ ስምዒት ግን በጨቕ ይብሎ'ዩ፡፡

"ሕራይ በል ቀጽለለይ?"

"ይገርመካ እዩ፡ ምስ ኣደይ ክሳብ'ዛ ናብ መንደፈራ ዝመጻእናላ ዕለት ጥራይ'የ ተቐሚጠ፡፡ ዝተነግረኒ ዛንታ'የ ክነግረካ እምበር፡ ኣብ'ቲ ዝነበርኩዎ ዕድመ ብንጹር ንገራት ክዝክሮም ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ኣብ መንደፈራ ኣብ ሓደ እንዳ ስዋ ኣቲና፡፡ ሐዚና ዝመጻእና እንጊራ ከም ዝተመሳሕና እፈልጥ፡፡ ኣደይ ቡን እናስተየት ከላ፡ ናይ ድኻም ግዲ ኾይኑ፡ ኣነ ኣብ መደብ ናይ'ቲ እንዳ ስዋ ደቂሰ፡፡

"ደቂሰ ከለኹ፡ ኣደይ ነታ ብዓልቲ ገዛ፡ ገለ ገዛዚኣ ክትምለስ ምኻናን ቐልዓ ከተጸንሓላን ተላብያ፡ ካብ ዓዲ ዝተማልኣታ ንእሽቶይ ናይ ጨርቂ ሳንጣን ንዓይን ኣብኡ ገዲፋትና ኸይዳ፡፡ መስዩ - ወጊሑ፡፡ ንጽባሒቱ ኸምኡ፡፡ መዓልታት ተወሲኹ፡ ኣደይ ዓቕላ ጸበብዋ. . ."

"እንታይ ረኺብዋ ኾይኑ ደኣ?"

"ኣይትፈልጦ ኣይትጥይቖ ቐልዓ እንዓማታ ሒ!ዛ ደኣ ከመይ ኢላ ክትቀብለኒ?"

"ኣደይ ትብላ ዘለኻ ነታ ብዓልቲ ገዛ ማለት ድዩ?"

"እንታይ ደኣ፡ ነታ ድሕሪ ኣደይ ኣደ ዝኾነትኒ"

ብዛዕባ ኣደኡ እንክዝረብ ኣብ ገጹ ናይ ጓሂ ስምዒት እዕዙብ ስለ ዝበርኾ "ቅድሚ ምቕጻልና ሓንቲ ሕቶ'ስከ ክሓትተካ፡ ንወላዲትካ ተቐይሚካያ ዲኻ?" በልኩዎ፡፡ ሓንሳብ ኣንቃዕሪሩ ሓሰበ'ሞ፡ "ብዛዕባ'ዚ ነገር ክሕሱ ኣይደልየን እየ፡፡ ሓቂ ክዝረብ እውን ኣይደልየን" በለ፡፡

ተወሳኺ ዝርዝር ዝሀበ ስለ ዝመሰለ፡ ብሃንቀውታ ተጸበኹዎ፡፡ ንሱ ግን ከም ዘወደአ ብዘመልክት ስምዒት ጠመተኒ፡፡ ኣብ ሓሳበይ "እቲ ሓሶት 'ኣይተቐየምኩዋን' - እቲ ሓቂ ድማ 'እወ ተቐይመያ'ዶ ይኸውን" ክብል ኣሰላሰልኩ፡፡ ይኹን ኣይኹን ክገጽኡ ክዝረብ ከም ዘይደለየ ስለ ዘረጋጽኩ ደጊመ ክሓትቶ ኣይደለኹን፡፡

"ንቐጽል" ድማ በልኩዎ፡፡

"ኣደይ፡ ማለት እታ ብዓልቲ ገዛ፡ ወላዲተይ ብምጥፍኣ እናተሻቐለት 'ኣቢይ'ዩ ዓድኹም፡ ወዲ መን ኢኻ?' እናበለት ትሓትተኒ ከም ዝነበረት ነጊራትኒ፡፡ ኣነ ስመይን ስም ኣቦይን ጥራይ'የ ዝፈልጥ ነይረ፡፡ ስለምታይ ከምኡ ኾይኑ ኣይፈልጥን፡ ስም ኣደይ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ኣይመስለንን፡፡ 'ኣደኻ መን ትበሃል?' ክትብለኒ፡ ኸላ 'ኣደይ' ኢለ እምልሰላ ከም ዝነበርኩ ኣዕሊላትኒ፡፡ ከም ዝነገረትኒ እንተ ኾይኑ፡ ክሳብ ሽዑ ኣፍ ኣየጽረኹን ነይረ፡፡ ስመይን ስም ኣቦይን ክዛገራ ከለኹ'ውን ብልክዕ ክትሰምዓኒ ኣይከኣለትን፡፡ እንታይ እብሎ ከም ዝነበርኩ'ኳ ብልክዕ ኣይትዝክር፡ ናብ ኪዳነ ኣጸጊዓ "ኪዳነ" ኢላ ክትጽውዓኒ ጀሚራ፡፡ ንስም ኣቦይ ድማ "ሓድሽ" ኢላ ተርጒማቶ፡፡ ትኽክለኛ ስመይ ግን መድሃኔ ሓጎስ'ዩ ነይሩ፡፡

"እሞ መዘከቡቓላት ዘድልዮ ሓድሽ ቋንቋ ኢኻ ትዛረብ ነይርካ"

"ኢኢ. . . ናይ ዕድል ነገር'ዩ፡ ኣብ ዘይፈልጦ ገዛ ምስ ዘይፈልጦ ሰብ እንድየ ተደርብየ፡፡ ምስ ኣደይ ኣቐዲመን ዝፋለጣ ኣይኮናን፡፡ 'ኣሕድርኒ' ስለ ዝበለታ ጥራይ ሰናይ ንኽትገብር ኢላ'ያ ኣጣቢቓ ከይተሓተተት ተቐቢላታ. . ."

"ኣደኻ ተሰዊራ፡ ምስ ዘይትፈልጣ ሰበይቲ ተሪፍኻ፡ እንታይ ተሰሚዑካ ይኸውን ሽዑ?"

"እንታይ ከም ዝተሰምዓኒ ክዝክሮ ኣይክእልን፡፡ ምናልባት ኣብ ፈለማ ጸምዩኒ ነይሩ ይኸውን፡፡ በኺየ'ውን ክኸውን እኽእል፡፡ ካብ'ቲ ንዓይ ዝርደኣኒ ኣትሒዙ ግን፡ ኣብ ገዛይ፡ ምስ ኣደይ ከም ዘለኹ ኾይኑ እዩ ዝስመዓኒ ዝነበረ፡፡

"እታ ዝተቐበለትካ ሰበይቲ ቖልዑ ነይሮማዶ?"

"ወሊዳ ዝኣከለት እያ፡፡ ሰለስተ ደቂ እያ ወሊዳ፡፡ እቶም ክልተ ተጋዳሊ ምኻ እታ ሓንቲ ድማ ብዓልቲ ሓዳር ኮይና፡ ደሓር ከም ዝሰማዕኩዎ፡ ኣነ ናብ'ቲ ገዛ ቅድሚ ምምጻኣይ ዓመት ኣቢሉ ይገብር ናብ ወጻኢ ኸይዳ፡፡ ንሳ ዝገደፈታ ጓል ሰለስተ ዓመት ቐልዓ ግን ኣብ'ቲ ገዛ ነይራ"

"ካብ'ቲ ዝዘከርካ ቀጽለለይ"

"እናዓበኹ ምስ ከድኩ፡ ትምህርቲ ተመዝጊበ፡፡ ትሕዝቶ ስለ ዘይነበረ፡ ብዙሕ እዋን ከይጸገበኩ እሓድር ከም ዝነበርኩ እዝክር፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ጎረቤትና ናብ ዝለኣኹኒ እለኣኽ ነይረ፡፡ ገለ ዝበልዕ ንኽህውሉኒ እዩ ድማ፡ መልእኽቲ ዝፈቱ ዝነበርኩ፡፡

"እሞ ናይ ዝተለኣኽካዮ ጻማ ትረክብ ነይርካዶ?"

"ኣይከፍኣንን መቶም፡፡ ገለ እዋን ቅሜ እውሃብ፡ ገለ እዋን እንጀራ ብጹብሒ ገድረን ይህበ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ከም ዝተለኣኽኩዎ ትኸይድ፡፡ ብሓቂ ኣደይ ሕያወይቲ እያ፡፡ ግን ካበይ'ሞ ከተምጽእ! እንደገና ድማ ወዑይን መሀርገርን ስለ ዝበርኩ፡ ብዙሕ ግዜ እበኣሰሞ፡ ምስ ሃረምኩ ወይ ምስ ተሃረምኩ፡ ንደይ ምስ ጎረቤታ የቀራሕና ነይረ ክብል እኽእል፡፡ ሕያወይቲ ምኻና ኸኣ ኣይጠቐመንን፡፡

"ከመይ ማለት?"

"ኣብ ሕጂ ኾይነ ክርእዮ ከለኹ፡ እንተ ዝቕጻዕ ነይረ ሰጥ-ለበጥ ምበልኩ፡፡ ምናልባት በቲ ዘጋጠመ ነገራት ትደናገጸለይ ነይራ ትኸውን፡፡ ግን ፎዳ እየ ኸይደ፡ ትምህርቲ ከይተረፈ ኣብ ራብዓይ ክፍሊ ኣቋሪጸዮ፡፡ ምስ ኣቋረጽኩዎ'ውን ኣደይ ግድን ተመሃር ኣይበለትንን፡፡"

"ስለምንታይ ኣቋረጽካዮ?"

"ስለምንታይ ምኻኑ ክገልጸልካ ኣይክእልን'የ፡፡ ጸሊኣዮ እየ ዝኸውን"

"ወዳ ከም ዘይኮንካ፡ ኣደኻ ጉዲፋትካ ከም ዝኸደትካ ትፈልጥ ነይርካ ዲኻ?"

"እንታይ ክፈልጥ ደኣ፡ ኣብ ገዛይ ምስ ኣደይ ከም ዘለኹ ጥራይ እየ ዝፈልጥ፡ ዝርመሰሉ ካብ ምንታይ ከም ዝቕለ ኣንድዒ፡ ኣጸቢቓ ከይዓበኹ ከለኹ 'ኣበይ መዓስ ክመጽእ'ዩ' ኢለ እሓትታ ከም ዝነበርኩ ኣዕሊላትኒ፡፡ 'ኣቦኻ ሞይቱ'ዩ' ምስ በለትኒ፡ ድሕሪኡ ከም ምውት ወሲደ ዘከረዮ ኣይፈልጥን፡፡ ብሓቂ ኸኣ ብዓል-ቤታ ሞይቱ ነይሩ፡፡"

"ብዛዕባ ተፈጥሮኣዊ ኣቦኻ ኣይትፈልጥን ዲኻ ነይርካ?"

"ናቱ'ሞ ኸኣ ዋላ ሓንቲ ዝኽሪ የብለይን፡፡ ኣቦ ከም ዝነበረኒ እጠራጠር እየ"

"ክሳብ'ዚ እዋን ወይ ኣደኻ ወይ ኣቦኻ ኣይረኸብካን"

"ወዲ መን ከም ዝኾንኩ ዘይተፈልጠስ ኣቦን ኣደን ድማ ትብል ኣለኻ፡፡ ኣደይ እታ ዝተቐበለትኒ ምኻና፡ ኣዘማደይ ድማ እቶም ንዓኣ ኣዝማዳ እዮም ነይሮም፡፡

"ገለ እዋን ድማ ምስ ወተሃደራት ትኹብር ከም ዝነበርካ ዕላል ሰሚዐ'ሞ፡ ሓቂ ድዩ? እንተ ኾይኑ - ብኸመይ ኢኻ ምስ ወተሃደራት ተጸጊዕካ?"

"ይኹበር ዘይኮንኩሉ፡ ምስኣቶም እውዕል ነይረ፡፡ ምስ መሰዩ ድማ ገዛይ መጺአ እድቅስ፡፡ ካብ ገዛና ርሑቕ ኢሉ ሓደ ዓርኪ ነይሩኒ፡፡ ብኸመይ ከም ዝተላለና ክዝክሮ ኣይክእልን፡፡ ንሱ ናብ'ቲ ወተሃደራት ዝነበሩዎ ቦታ ይኸይድን ይለኣኾምን ስለ ዝነበረ፡ ሓንቲ መዓልቲ "መልእኽቱ ንኽንበጽሕ እናኸድ ኸሎ ምስ ተራኸብና፡ 'ንዓናይ ኣካይደኒ' ኢለዮ፡፡ ኣብኡ ምስ ከድና፡ ንሳቶም 'ዳቦ' ዝበልዎ ሕምባሻ ሂቦሙና፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ንሱ ክኸይድ ከሎ ምስኡ ክኸይድ ጀሚረ፡፡ ንዓይ ክልእኹኒ ምስ ጀመሩ ኸኣ፡ ዋላ ንበይነይ ክኸይድ ጀሚረ፡፡

"እንታይ ይልእኩኻ"

"ኒዶ ጽቡ፡ ማርማላታ፡ ወንጂ ሽኮር፡ በሶ (ጥሕኒ) ገሊታት እሸጠሎም፡፡ ንሳቶም ድማ ዝበኣዕ ይህቡኒ፡፡ ምስ ለመድኩዎም ከኣ ከሰብ ክሽጠሎም ጀሚረ፡፡ ደሓር ከይተፈለጠኒ ምስኦም ክውዕል ጀሚረ"

ኣብ'ቲ እዋን ኪዳነ ወዲ 14 ዓመት ኣቢሉ ኩይኑ - ፖሊስ ለሚዱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ዓርኩ ዋላ'ውን ንብዩ ዘዘረኸቦ ፖሊስ ምሕሻሽ ተላመደ፡፡ ኣደኡ ዋላ'ኳ ብኣኡ ይሻቐላ እንተ ነበሩ፡ ዝተሓዝ ኮተቴ ኣይነበረን፡፡ ሓደ ግዜ ኸኣ ከይመጽአ ሓደረ'ሞ፡ ንጽባሒቱ ከም ዝተኣሰረ ሰምዓ፡፡

ይቕጽል . . .

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተማሰገን ኣለም መሓሪ ኣደይ ኣፎምያ ገብርኣብ በራኺ ስለዝዋረፈት ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ 23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ክብራ ኣማንኤል ኪዳን ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ኪዳን ተስፋማርያም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን30/4/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ ገብረስላሴ ተኸሳሲ ኣቶ ዘርኣዝጊ መንግስትኣብ ኣርኣያ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን30/4/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ሳልሕ ሓምድ ሓደጋ ምግል ተሪፉ ሳልሕ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ማይምን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰገን ጺጋይ ገብረሊባኖስ ተኸሳሲ ኣቶ ረዳኢ ተስፋጽዮን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን14/5/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ፍረያ ገብረክርስቶስ ሞገስ ምግል ተሪፉ ፍረወይኒ ገብረክርስቶስ ሞገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ 30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፅገብ ኒጋሲ ተኽሉ ተኸሳሲ ኣቶ ጺጋይ ብየኑ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን14/5/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ገለብ

ኣቶ ዓብድልቃደር ሓምድ መሓመድ ስም ኣደይ ኣምና መሓመድ መሓመድኑር ምግል ተሪፉ በቂለት በኺት ሕሴት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን20/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ-ኳላ

ቤትኤል ኣብርሃም ፍስሃ ምግል ተሪፉ ናዝሬት ኣብርሃም ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ 25/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ሳራ እስጢፋኖስ ተስፋዝጊ ተኸሳሲ ገብረስላሴ ተወልደ ሃብተሚካኤል ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን25/4/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ከሳሲት ብስራት ተኽለሃይማኖት ወልደሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣላይ ወልዳይ ስባህቱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን15/5/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ከሳሲት ናጽነት ተወልደብርሃን፡ ተኸሳሲ በርሀ ኣስገዶም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን22/4/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ከሳሲት ሕርይቲ ተወልደ ተስፋገርግሽ፡ ተኸሳሲ ተስፋልደት ጺጋይ ሓጎስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን22/4/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

ናትናኤል ኣፎም ተስፋት ምግል ተሪፉ ናትናኤል ኣፎም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃውም እንተሎ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ ባሕሪ ዓሰብ

ከሳሲት የሳን የማን ዓንደማርያም፡ ተኸሳሲ ሰዋረ ኣብረሃም መልኣከ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ርሻን ወልደኣብዝጊ ጉበረ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩማ፡ ምስ ዓረፈት ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓበርኩምና ደብረ ሰላም መድሃኔዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ፓሪስ - ፈረንሳ፡ ማሕበረትምን ኢምባሲን ኤርትራ ኣብ ፈረንሳ፡ ካብ ኡ'ውን ክሳብ ዐና-ጋዕቤን ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ገዛና ብምምልላስ ይኹን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ተለፎን ብምድዋልን ብኢመይልን ዘጸናናዕኩምና ኩልኹም ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልዑል ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃ - ዳኒኤል ፒኣርደን ወ/ሮ ደሃብ መሓመድን ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፤ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፍ ተኽለ ሃብተሚካኤል ኣቶ ጎይትኦም ተኽለ ሃብተሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ተኽለ ሃብተሚካኤል ወ/ሮ ህድኣት ተኽለ + 4ን ብዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ብዕለት 27/07/2023 ብቁ/መዝ 1060/23 ዝሃቦ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር፡ ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ከበቢ ማይ ጭሆት ጎደና 199-5 ዚፕ ኮድ 1 199 ቁ/ገዛ 25 ዝርከብ ብስም ኣቶ ተኽለ ሃብተሚካኤልን ኣፍ/ተኽለ ሃብተሚካኤል ጎደፋን ዝተመዝገበ ህንጻ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 152,407.59 ( ሓደ ሚእትን ሓምሳን ክልተ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሸውዓተን ናቕፋ 59%) እዩ። እዚ ህንጻ ኣብ 150.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ፡ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልን ኣርባዕተ ሓገዝቲ ክፍልን ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሰ/ፒ/ኦ ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሐዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ንዝይዳ ሓበሬታ ኣብ ቁ/08 ተወከሱ።

ዕለት ጨረታ፦17/5/24

ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍ ቁ/27

ሰዓት ጨረታ፦ 3፡00-4፡00

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## Vacancy Announcement

**Rora Private Health Service is looking for fulltime worker, who fulfil the following requirements:-**

### 1. Personnel

Position ------------------------------------------- Personnel in Rora Private Health Service.
Qualification and work experience -----1. 12th grade complete and five years and above work experience.
2. certificate in personnel management and three years and above work Experience.
3. Diploma in personnel management and 2years and above in work Experience.
Computer-------------------- certificate in computer application and good command / skill in computer Application system
Number ----------------------------------- One

### 2. Senior Accountant

Position --------------------------------- Senior Accountant
Qualification -------------------------- Diploma Accounting
Work Experience -------------------- Minimum 10 years senior Accounting.

Number -------------------------------- one

### 3. Accountant

Position --------------------------------- Accountant
Qualification -------------------------- Diploma Accounting
Work Experience -------------------- Minimum 5 years senior Accounting.

Number -------------------------------- one

**N.B**

1. Interested applicants who fulfil the above requirements could submit an application attached with their C.V and credentials to the administration office of Rora private health service.
2. Payment will be as per the scale of the private health service.
3. Applicants should complete national service or should submit document of exemption.
4. This announcement is invalid after 10 working days from date of publishing in the local newspapers.

**Address: -** Rora Private Health Service P.L.C
**Zoba: -** Maekel
**Sub Zoba: -** Tsetserat near kudus Michael Church
**Tel:-** 083734 42　　123096

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ሲቲ፡ ንብደሆ ቀልጢፉ እያ ትላመዶ” ጓርድዮላ

ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፐ ጓርድዮላ፡ ኣብቲ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ 3ብ3 ዝተፈላለዩሉ ጸወታ ቀዳማይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ክለቡ ንብደሆታት ቀልጢፉ ክትላመዶ ብምኽኣላ ንኢድዋ።



ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ናይ’ዚ ውድድር ዝኾነት ማን ሲቲ፡ ኣብ ካልኣይቲ ደቒቕ ካብ በርናንዶ ሰልቫ ብዝረኸበታ ሸቶ ብኣጋ መሪሓ ነይራ። ኣብ ሜዳኣ እትጻወት ዝነበረት ማድሪድ ግን፡ ቀዲማ ተኸላኺሊ ሲቲ ዲያዝ ናብ ልዕቱ ብዘመዝገቦ ሸቶ ተመዓራርያ፣ ብሬዚላዊ ኣጥቃዒያ ሮድሪጎ - ውልቃዊ ብቕዓቱ ዘንጸባረቐላ ሸቶ ብምቕጻሩ ከኣ ንውጹኢት ናብ 2ብ1 ቀቢሳቶ ነይራ።

“2ብ1 ኢና ተመሪሕና ነይርና፣ ብዚይ ርግኣት ድማ ኢና ንጸወት ዝነበርና።” ዝበለ ጓርድዮላ፡ “ኣብዘን ቀዳሞት ሰለስተ ዓመታት እንተዘኾውን - 4ብ1 ወይ 5ብ1 ምተሳዕርና” ኢሉ። “ሐደ ካብቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃታት ዘሎ ምስጢር፡ ንብደሆ ብቕልጡፍ ምልማድ ወይ ምትዕጻጻፍ እዩ፣ ንምምራር ግዜ የለን። ንኽትመሃር ግዜ የድልየካ እዩ፣ ሕጂ ንሕና ዝያዳ ርጉኣት ኣለና። ተሰፋ እገብር ከኣ - ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ክንሰርሕ።” ይብል እዚ ብሉጽ ኣሰልጣኒ።

ንጹላዊ ተጻዋታያ ከቨን ደ ብሩይነ ብሰንኪ ቅድሚ ጸወታ ዘጋጠሞ ሕማም ዘየሰለፈቶ ሲቲ፡ ክሳብ እታ ፎደን ዘመዝገቦ በርቃዊት መመዓራረይቲን ካልኣይቲ ሸቶ፡ ኣብ ልዕሊ ኣንጻር - ከም’ቲ ዝድለ ኣድማዒት ኣይነበረትን። እዚ እንግሊዛዊ መንእሰይ ኣከፋፋሊ ዝተጻወቶ ተራ ግን፡ ዕዙዝ ምንባሩ ይግለጽ።

ሲቲ፡ ናይ ጼጋም ክንፊ ተኸላኻሊ ጆስኮ ጋቫርዲዮ ብዘመዝገቦ ሸቶ’ውን፡ 3ብ2 ክትመርሕ ክኢላ ነይራ። ኣብዛ ክረምቲ ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ዝተሸመተ ጋቫርዲዮል፡ ብምግልጋል ሲቲ ቀዳመይቲ ሸቶኡ እዩ ጸምቢሉ።

ይኹን እምበር፡ ኣከፋፋሊ ማድሪድ ፌደ ቫልቨርደ ካብ ቪንሽየስ ብዝረኸቦ ተሻሺና ዝመጸኣቶ ኩዕሶ ኣብ ህዋ እንከሎ ኣብ ሰኪዒት ብምዕራፉ፡ ንጋንታኡ ካብ ስዕረት ኣናጊፍዋ።

ጓርድዮላ “ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ማንቸስተር ምስ ደገፍትና፡ ዝኸኣለና ክንገብር ኢና። ንሳቶም ድማ ክሕግዙና እዮም።” ክብል እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ ብወገኑ - “ደልየዮ ዝነበርኩ፡ ንእሽተይ ብልጫ/ረብሓ ምውሳድ እዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ በዚ ውጽኢት ክንማጎት ኣለና፣ ተወዳደርቲ ኢና ነይርና። ኣብ ካልኣይ እግሪ ከም’ዚ እንተሰሪሕና ክንሓልፍ ንኽእል ኢና” ኢሉ።

ሲቲ፡ ዝመጽእ 17 ሚያዝያ ኣብ ሜዳኣ ዝሰፍሐ ዕድል ከምዘለዋ ይግለጽ። እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ’ዚ ሜዳ ንማድሪድ 4ብ0 ስዒራታ ምንባራ ይዝከር።

## ነገረ ኬን

ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ኬን፡ ናብ ሜዳ ኣርሰናል - ኤማራትስ ተጓዒዙ ዝጠዝለ ሸቶ ዘመዝገበ ተጻዋታይ ኮይኑ - ድሕሪ’ቲ ሰሉስ ምሸት ሓንቲ ሸቶ ምምዝጋቡ።

ኬን፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ቅድሚ ናብ ባየር ሙኒክ ምግዓዙ፡ ብምግልጋል ናይ ቅድም ክለቡ ቶተንሃም 19 ግዜ ኣንጻር ኣርሰናል ተጻዊቱ፣ 14 ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡላ። እተን ሓሙሽተ ኣብ ሜዳ ኤማራትስ ብምንባረን ከኣ፡ ናብዚ ስታድዩም ተጓዒዙ ዝጠዝለ ሸቶታት ዘመዝገበ ተባሂሉ - ምስ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ዲያጎ ጆታን ኣጥቃዓይ ሌስተር ሲቲ ጃሚ ቫርዲን ተመዓራሪዩ ጸኒሑ።

ትማሊ ግን፡ እዚ ብሉጽ ሃዳኒ ሸቶ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ ሓንቲ ሸቶ ብምቕጻሩ፡ ነቲ ክብረ-ወሰን ናይ በይኑ ገይርዎ ኣሎ። ብሓፈሻ ከኣ፡ እዚ 20 ግዜ ንኣርሰናል ዝተጋጠመ እንግሊዛዊ፡ ብጠቕላላ ሸቶታቱ ናብ 15 ክብ ኣቢልዎ። ኬን፡ ልዕሊ ኣርሰናል ዝጠዝለ ሸቶታት ዘመዝገበለን ጋንታታት - ሌስተር ሲቲ 20፡ ኤቨርተን 16 ሸቶታት እየን። እዚ ወዲ 30 ዓመት፡ ምስ ቶተንሃም እንከሎ ብዘመዝገበን 14 ሸቶታት፡ ኣብ ደርቢ ሰሜን ለንደን (ናይ ለንደን ክለባት ዝገብርኦ ጸወታ) ዝጠዝለ ሸቶታት ዘመዝገበ ብምዃኑ ክብረ-ወሰን ሒዙ ደርኩቡ።

ብዘይደገፍቱ ዝተጻወተት ባየር ሙኒክ፡ ኣብታ ምሸት ናይ ርብዒ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ንምኽያድ እያ - ናብ እንግሊዝ ተጓዒዛ ንኣርሰናል ገጢማታ። ኣርሰናል፡ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ካብ ቡካዮ ሳካ መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊባ ነይራ። ዕዉት መልሲ መጥቃዕቲ ተካይዱ ዝነበረት ሙኒክ ግን፡ ድሕሪ ሸዱሽተ ደቓይቕ ካብቲ ፍርያት ኣካዳሚ ኣርሰናል ዝኾነ ግናብሪ መመዓራረዪት ካብ ምርካብ ኣይተዓንቀጸትን።

እዛ ኣብ ውድድራት ወሽጢ ሃገራ ዘይጠዐማ ዘሎ ዓርሞሸሽ ክለብ፡ ደጊማ ኣብ መበል 32 ደቒቕ፡ ካብቲ ‘ንኣርሰናል ኣይትብቕዕን ኢኻ’ ዝተባህለ ሃሪ ኬን፡ ግዜያዊ መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ። ኣብ ብርክት ዝበለ ግጥማት መድሕን ጋንታኡ ክኸውን ዝርአ ዘሎ ትሮሳርድ ግዳ - ንኣርሰናል ካብ ስዕረት ዘናገፈታ ሸቶ ኣብ መበል 76 ደቒቕ ኣመዝጊቡ፣ 2ብ2 ከኣ ተፈላልየን። እዘን ክለባት፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ጀርመን ዝተዓወተት ትሓልፈሉ ጸወታ ክካይዳ እየን።

ደገፍቲ ሙኒክ፡ ኣብ ዙር 16 ንላዚዮ 3ብ0 ኣብ ዝተዓወትሉ ጸወታ፡ ኣርትፍሻል ሓዊ ናብ ሜዳ ብምድርባዮም፡ ኣብዛ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ጸወታ ከይኣትዉ ተኸልኪሎም እዮም።



## ጋዜጣታት እንታይ ይብላ. . .?

* ዓበይቲ ኤውሮጳውያን ክለባት ፒኤስጂን ባርሴሎናን፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ሉዊስ ዲያዝ፡ ተገዳስነት የርእያ ኣለዋ።

እዚ ወዲ 27 ዓመት ኮሎምቢያዊ፡ ኣስታት 75 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ዝትመን። ዋላ’ኳ፡ ምስ ክለቡ ዝኣተዎ ውዕል ኣብ ክረምቲ 2027 ዝበቅዕ እንተኾነ፡ ሊቨርፑል ግን፡ ምስኣ ክጸንሕ ዲዩ ወይስ ኣብ ክረምቲ ክፋኖ ርግጸኛ ኣይኮነትን። በዚ ከኣ፡ መጻኢኡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ።

ምንጪ - ጋዜጣ ተሌግራፍ

* ቶተንሃም፡ ንኣጥቃዓይ ክለብ ኣትለቲኮ በልባኦ ኒኮ ዊሊያምስ ንምፍራም ሃቂላ። እዚ ንሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ዝወክል ጋናዊ መበቆል ዘለዎ መንእሰይ፡ ኣብ ክለቡ ብዘርኣዮ ዘሎ ስሓቢ ምንቅስቓስ፡ ኣቓዲሙ ኣብ ራዳር ቸልሲ ኣትዩ ጸኒሑ እዩ።

ወዲ 21 ዓመት ኒኮ ዊልያምስ፡ ዛቢት ኣብ ግጥማት ላ’ሊጋ ሰለስተ ሸቶታትን ሸሞንተ ዕድላትን ሃንዲሱ ኣሎ። በልባኦ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ጸዋእ ኮፓ ደል ሬይ ብምልዓል ናይ ኣርባዕተ ዕቑድ ጸምኣ ከተርዊ እውን፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ኒኮ፡ 42.8 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ተሸኒኑ ዘሎ።

ምንጪ - ጋዜጣ ስካይስፖርትስ

* ዝሓብተመት ክለብ ዓለም ዝኾነት ኒውካስል፡ ንብራዚላዊ ተጻዋታይ ጆይሊንቶን ሓዲሽ ውዕል ከተፈርሞ ተቓሪባ።

እዛ ጋንታ፡ ምስ’ዚ ተጻዋታይን ወኪሉን ድሕሪ ዝነበረቶ ኣወንታዊ ርክብ እያ፡ ንዊሕ ዓመታት ዝጸንሕ ውዕል ከተፈርሞ ተቓሪባ ዘላ። ከም ኣከፋፋሊን ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይን ኮይኑ ክጻወት ዝኽእል ጆይሊንቶን፡ ክሳብ ሰነ 2025 ዝጸንሕ ውዕል ኣለዎ። እዚ ሕጂ ክፍርሞ ተቓሪቡ ዘሎ ውዕል - ክሳብ ክንደይ ዓመታት ምዃኑ እኳ እንተዘይተገልጸ፡ ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ተኸፈልቲ እዛ ጋንታ ዝኮርዖ ምዃኑ ግን ተሓቢሩ ኣሎ።

ጆይሊንቶን፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ - መብጣሕቲ ገይሩ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ይርከብ፣ ኣብ ወርሒ ግንቦት ክምለስ ድማ ትጽቢት ይግበረሉ።

ምንጪ - ዘ ሳን

* ሊቨርፑል፡ ብሉጻት ተጻወትቲ - ሓላዊ ልዳት ኣሊሶን፡ ዲያጎ ጆታን ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን ናብ ልምምድ ብምምላሶም፡ እፎይታ ተሰሚዕዋ።

እዛ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ማን ዩናይትድ ማዕረ ብምፍልላያ መሪሕነት ፕሪመር ሊግ ዘረከበት ክለብ፡ ኣብዚ ወሰኒ እዋን - ምልሶት ናይ’ዞም ቀዳሞት ተሰለፍታ ዓቢ ሓይሊ ክኾና እዩ።

ምንጪ - ደይሊ መይል

## ቫን ደር ቫት፡ ንሃላንድ ይንቅፍ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ራፋኤል ቫን ደር ቫት፡ ንኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊንግ ሃላንድ፡ ሰሉስ ምሸት ኣርኢይዎ ብዝዘበሎ ትሑት ብቕዓት ነቒፍዎ።

ሃላንድ፡ ኣብዛ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ 3ብ3 ዝተፈላለዩላ ጸወታ፡ ብተኸላኻሊ ማድሪድ ኣንቶኒዮ ሩዲገር ዳርጋ ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝኾነ ይግለጽ። ካብኡ ክሓልፍ ኣብ ዝፍትነሉ እዋን ከኣ - ቑመኒ ሓለዋ ወጺኡ ይጸንሖ ብምንባሩ፡ ኣድማዒ ኮይኑ ኣየምሰየን።

ብመሰረት ናይ ስታቲስቲክስ ሓበሬታ፡ እዚ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ኣብታ ጸወታ 20 ግዜ ኩዕሶ ተንኪፉ (ታች) ገይሩ፣ ሓላዊ ልዳት ማድሪድ ሉኒን ልዕሊኡ ምኻኖም ይግለጽ።





ኩዕሶ ተንኪፉ - 26 ግዜ። ብዘይካ’ዚ፡ ዝኾነ ዕውት ምኹብኳብ ኩዕሶ ከይገበረ ዝወጸአ ሃላንድ፡ ሓንቲ ፈተነ (ሾት) ጥራይ ገይሩ።

ብብቕዓት እዚ ተጻዋታይ ዘይተመሰጠ ቫን ደር ቫት፡ “ሃላንድ፡ ሕማቕ እዩ ነይሩ። ሸቶ እንተዘየመዝገበ ፋይዳ የብሉን። ምስ ኩዕሶ ኣዝዩ ማእከላይ ተጻዋታይ ኮይኑ እዩ ረኺበዮ” ኢሉ። ሃላንድ፡ ሰለስተ ግዜ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ተጻዊቱ፡ ሸቶ ከመዝግበላ ኣይከኣለን። ዝበዝሐ ግዜ ተጋጢሙዋ ከመዝግበላ ዘይከኣለት ክለብ ኮይኑ ድማ ተመዝጊባሉ። ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ሜዳኦም ኣብ ዝካየድዎ ናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ፡ መኸተምታ ክገብረሉ ትጽቢት ይግበረሉ።

ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ዝነበረ ሃላንድ፡ ኣብዛ ወቕቲ’ውን ሸቶ ካብ ምምዝጋብ ኣየዕረፍን ዘሎ። ኣብ 37 ዝተፈላለዩ ግጥማት 30 ሸቶን ሸዱሽተ ቀረብን ገይሩ ኣሎ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ገለ ዓበይቲ ግጥማት ከም’ቲ ዝድለ ኣድማዒ ከምዘይኮነን ክመሓየሽ ከምዘለዎን ገለ ተንተንቲ ይዛረቡ። ናይ ቀረባ ኣብነት፡ መጋቢት 31 ኣንጻር ኣርሰናል 0ብ0 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ጸወታ - ሮይ ኬን፡ “ሸቶ ኣብ ምምዝጋብ ዝበለጸ ናይ ዓለም እዩ። ከም ሓፈሻዊ ተጻዋታይ ግን፡ ዳርጋ ከም ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ተጻዋታይ እዩ” ክብል ተሳሂልዎ ነይሩ። ብኣንጻሩ፡ ተንታኒ ክሪስ ስቱን፡ ነዚ ተጻዋታይ ምንቃፍ ዘይፍትሓዊ ምዃኑ ኣብ እዋኑ ተዛሪቡ ነይሩ።

## ቅንጥብጣብ

* ኣከፋፋሊ ማን ዩናይትድ ስኮት ማክቶሚናይ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንሰለስት ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከምዝኽእል ተገሚቱ።

ወዲ 27 ዓመት ማክቶሚናይ፡ ብሸውዓተ ሸቶታት ፕሪመር ሊግ - ምስ ሆይሉንድ፡ ጋርናቾን ራሽፎርድን ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ እዛ ጋንታ እዩ።

* መዘኻት ምስልጣን ሊቨርፑል ክሕዝ ኣፈናዊ ስምምዕ ገይሩ ምህላዉ ዝግለጽ ሩበን ኣሞሪም፡ መዘኻት እንተድኣ ሒዙ - ኣርባዕተ ተጻወትቲ ክለቡ ስፖርቲንግ ሊዝቦን ምስኡ ክፍርሙ ከምዝኽእሉ ተኣንፊቱ።

እዞም ተጻወትቲ፡ ማርከስ ኢድዋርድስ፡ ሞርተን ሁልማንድ፡ ኦስማን ዲማንደን ጋንዛሎ ኢንቺዮን ምኻኖም ይግለጽ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣሞሪም እንተደኣ ወጺኡ፡ መጻኢ ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ቪክቶር ግዮከረስ ንጹር ከምዘይኮነ ወኪሉ ኣፍሊጡ።

“ኣሞሪም ክወጽእ እንተወሲኑ፡ ቪክቶር ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ ክኸብዶ እዩ። ዝሓለፈ ዓመት ንግዮከረስ ሸሞንተ ጠለባት እዩ መጺእዎ ነይሩ፣ ንኣሞሪም ክብል እዩ ናብ ስፖርቲንግ ተጸምቢሩ።” ክብል፡ ድሕሪ ኣሞሪም ምጽናሕ ዝከኣል ከምዘይኮነ ኣፍሊጡ። ኣርሰናልን ቸልሲን ነዚ ተጻዋታይ ካብ ዝግደሳሉ ክለባት ምዃነን ይግለጽ እዩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ቀዳማይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ኤውሮፓ ሊግ**

ኤሲ ሚላን - ሮማ 10:00 ምሸት

ባየር ለቨርኩሰን - ዌስትሃም 10:00 ምሸት

በንፊካ - ማርሴ 10:00 ምሸት

ሊቨርፑል - ኣታላንታ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ትሸዓተ ሃገራት፡ መግቢ ዝጸዓና 14 ሄሊኮፕተራት ናብ ቓዛ ልኢኸን



ትሸዓተ ሃገራት - ልዕሊ 10 ቶን መግቢ ዝጸዓና 14 ሄሊኮፕተራት ናብ ቓዛ ከምዝለኣኻ፡ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እተን ሰብኣዊ ረድኤት ጽዒነን ናብ ቓዛ ዝኣተዋ ሄሊኮፕተራት - ናይ ዮርዳኖስ፡ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ኔዘርላንድስን ኢንዶነዥያን ምዃነን ተሓቢሩ።

እዚ ሕጂ ናብ ቓዛ ብኣየር ዝተላእከ ሰብኣዊ ረድኤት፡ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ብ7 ጥቅምቲ ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ እቲ ዝዓበየ ናብ ቓዛ ዝተገብረ ምስግጋር ምዃኑ እዩ ዝንገር።

እቲ ሓገዝ ኑየም ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ሰሜናዊ ክፋል ቓዛ - ግዝያዊ ማስተርሆ ዝፈጥር ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።


ዝሓለፈ ወርሒ፡ ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ ናብ ሰሜናዊ ቓዛ ዝለኣኾ ሰብኣዊ ረድኤት፡ ሓይልታት ምክልኻል እስራኤል ከምዝዐገትዎ ዝዘከር እዩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ረድኤት ዝጸዓና ልዕሊ 14 ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን፡ ካብ ዶብ'ታ ሃገር ከምእትመልሳ እዩ ተገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ቓዛ፡ ልዕሊ 576 ሽሕ ሰብ ንበርቱዕ ጥሜት ተቓሊዑ ከምዝሎ ጸብጻብት የመልክቱ።

እስራኤል፡ ኣብዚን ዝሓለፋ 5 ኣዋርሕ - ናብ ቓዛ ዝኸዱ ሰብኣዊ ረድኤት ከይኣቱ ክትዓግት ምጽናሓ ይዝከር።

## ሩስያን ቻይናን ጽጥታዊ ምትሕብባረን የሐይላ



ሩሲያን ቻይናን፡ ጽጥታዊ ምትሕብባረን ኣብ ኤሲያን ኤውሮጳን ንምሕያል - ብሓባር ደስርሓ ከምዝለዋ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌ ላቭሮቭ ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ኤሲያን ኤውሮጳን ዘለዋ ጸጥታዊ ጽልዋ ንምብዳህ - ክልቲአን ሃገራት ሓቢረን ከምዝሰርሓ ዝገለጹ - ሚኒስተር ሰርጌ ላቭሮቭን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪን፡ ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ንምምዕባል እውን፡ እተን ሃገራት ብሓባር ከምዝሰርሓ ገሊጾም ኣለው።

ሩሲያን ቻይናን፡ ኣመሪካ ኣብ ኤውሮጳን ኣብ ኬዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ሔቶን ዝለዋ ኩሉ-መዳያዊ ጽልዋን ሓይሊን ብዕቱብ ከምዝከታተላ ይፍለጥ።

ካብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ንደሓር ብፍላይ ጸቡቕ ኩነታት ዘርኢ ዘሎ ዝምድና ሩሲያን ቻይናን፡ እንኮቀጽራዊ ስርዓት ንምምካት ብሓባር ዘካይዳኦ ዘለዋ ጻዕሪ ብዝሓየለ መልክዑ ከምዝቐጽላ እዩ ዝግለጽ።

## ቱርኪ፡ ናብ እስራኤል ክትልእኮ ዝጸሐት ሰደድ ደው ተብሎ



እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ክሳብ እተቋርጽ፡ ቱርኪ ናብ እስራኤል እትልእኮ ሰደድ ናይ 54 ዓይነታት ፍርያት ደው ከምእተብሎ ሚኒስትሪ ንግዲ ቱርኪ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ፡ እ ስ ራ ኤ ል ብብዙሓት ሃገራት ዝቐርበላ ዘሎ ጻውዒት ምቁራጽ ተኹሲ ክሳብ ዘይተቐበለቶ፡ ናብታ ሃገር ክሰደድ ዝጸንሐ - ከም ሓጺን፡ ቸመንቶ፡ ዓበይቲ ማሽነሪታትን ኬሚካላትን ዝኣመሰለ ጥረ-ነገራት ናብታ ሃገር ክለኣኹ ከምዘይኽእሉ ኣገዚዙ ።

እስራኤል ኣህጉራዊ ሕጊ ብምጥሓስን ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ጸማም እዝኒ ብምሃብን ትቕጽሎ ዘላ ደብዳብ ደው ከየበለት፡ ቱርኪ ናብ'ታ ሃገር እትልእኾ ኣቑሑ ከምዝይብላ እዩ እቲ ሚኒስትሪ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ኑቲ ብሚኒስትሪ ንግዲ ቱርኪ ተወሲዱ ዘሎ ሓዲሽ ስጉምቲ፡ እስራኤል እውን መልሰ-ግብሪ ከምእትህበሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስተር - ዝኾነ ፍርያት ቱርኪ ናብ እስራኤል ከይኣቱ ከምዝእገድን፡ መሓዙት እስራኤል ዝኾና ሃገራት እውን ኣብ ልዕሊ ቱርኪ እገዳ ከንብራ ብምጽዋዑ ቁጠባ ቱርኪ ንምድኻም ከምዝሰራሕን ገሊጹ።

ይኹን እምበር፡ "ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘለዉ ኣሕዋትና ካብ'ዚ ዘለውዎ ቅልውላው ክሳብ ዝወጹ፡ ቱርኪ ንፍልስጤማውያን እትገብሮ ደገፍ ኣይክተቋርጾን እያ" ዝበለ ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን፡ ሃገሩ ልዕሊ 45 ሽሕ ቶን ሰብኣዊ ረዲኤት ናብ ቓዛ ከምዝለኣኸት ኣፍሊጡ።

እስራኤል ልዕሊ 50 ሚእታዊት ጠለብ - ቸመንቶኣ፡ ማርሞን ሓጺንን ካብ ቱርኪ ከምዝለኣኽ እየም ጸብጻብት ዘመልክቱ።

ስለዚ ድማ፡ ምቁራጽ ሰደድ ኣቑሑ ቱርኪ ናብ እስራኤል፡ ከቢድ ነውጺ ክፈጥር ከምዝኽእል ዝተፈላለዩ ወገናት ይሕብሩ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ኣልማማ ደብዳብ፡ ልዕሊ 33 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ ጸብጻብት ይጠቕሱ።

## ቬነዝወላን ኮሎምብያን ክልተኣዊ ዝምድናአን የደንፍዓ



ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ፕረዚደንት ኮሎምብያ ጉስታቮ ፔትሮ ናብ ቬነዝወላ ተጓዒዙ - ምስ መዘናኡ ፕረዚደንት ቬነዝወላ ኒኮላስ ማዱሮ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ሃገራቶም ከምእተዘራረቡ ተቓሊሑ።

ኣብ'ቲ ካልኣት ላዕለዎት ሰበ-ማዚ ክልቲአን ሃገራት እውን ዝተሳተፉሉ ርክብ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ጽላት ጸዓት፡ ኑዳዲን ባህርያዊ ጋዝን ክተሓጋገዛ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዝምድና ኮሎምብያን ቬነዝወላን ብሰንኪ ምትእትታው ኣመሪካ - ካብ 2019 ኣትሒዙ ሻሕኪሩ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ ኣብ ኑሓሰ 2022 ዲፕሎማስያውዊ ዝምድናአን ዳግማይ ከምዝጀመረ ሓቢሮም።

ንሓሙሻይ ግዜኡ ናብ ቬነዝዌላ ተጓዒዙ ዘሎ ጉስታቮ ፔትሮ፡ ምስ መዘናኡ ማዱሮ፡ ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ንግዳውን ፖለቲካውን መዳያት እውን ከምእተዘራረቡ ተገሊጹ።

## ኢጣልያ - ኣብ ትካል መመንጨዊ ጸዓት ባርዕ ኣጋጢሙ



ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኢጣልያ፡ ኣብ ትካል መመንጨዊ ጸዓት ብዝተኸስተ ባርዕ - ብውሕዱ ኣርባዕተ ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኣት ቁጽሮም ብንጹር ዘይተገልጸ ድማ ደጸዎም ጠፊኡ ምህላው ተገሊጹ።

እቲ ኣብ 'ሬለግ ሱቬንያ'፡ ኣብ ትሕቲ ማይ (underwater) ተደኩኑ ኣብ ዝርከብ መመንጨዊ ጸዓት ዝተኸሰተ ሓደጋ፡ ዛጊት ጠንቁ ብንጹር እኳ እንተዘይተፈልጠ፡ ኣብ ጽገና ብዘጋጠመ ቴክኒካዊ ጉድለት ተኸሲቱ ክኸውን ከምዝኽእል ግምት ኣሎ።

ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት፡ እቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ማይ ብምዃኑ - ንክቆጻጸርዎ ኣዝዩ ከቢድ ከምዝነበረ፡ ደሃይ እቶም ጠፊኦም ዘለዉ ሰባት ንምርካብ'ውን ከምእተሸገሩ ኣረዲኦም።

እቲ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ማይ ዝቶየድ ዘሎ መስርሕ ምድላይ ናይ ዝጠፍኡ ሰባት፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ኣብታ ሃገር ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሳሊ ፍጻሜታት - እቲ ዝኸፍአ ትራጀዲ ኮይኑ ከምዝሎ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

'ሬለግ ሱቬንያ' ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኢጣልያ ዝርከብ ሰቡዝሰርሖ ሬለግ ኮይኑ፡ ኣብ 1932 ኣብቲ ቦታ ሓዲሽ ዲጋ ድሕሪ ምህናጹ - ከምእተሰርሐ ጸብጻብት ይሕብሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ | 11/04/2024 | ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ይሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services